# ሓዳስ ኤርትራ

ሰሉስ 2013

መበል 22 ዓመት ቁ. 298 | 25 ሰነ 2013 | ገጻት 12 ዋጋ 1.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ጉጅለ በልደርበርግ ምስጢራዊ ኣኼባታቱን




ገጽ 4
ኣቦ ዲኻ ወላዲ?



ገጽ 5
ኣናብስ ዓውደ ውግእ

ገጽ 8
ታይሮይድ



ገጽ 11
ኣብርሃም ኣብ ሃምቡርግ በዲሁ




# ኣመሪካ፡ ኤርትራውያን ን20 ሰነ ብልዑል ማዕርግ ዘኪሮማ

ኤርትራዊ ማሕበረሰባት ኣብ ዋሽንግተን-ዲሲ፡ ላስቬጋስ፡ ሲያትል፡ ኮሎምበስ፡ ኣትላንታን ዳላስን ን20 ሰነ መበል 24 ዓመት መዓልቲ ሰማእታት ብምሕዳስ ብልዑል ማዕርግ ከምዝዘከርዎ፡ ካብ ቦታኡ ዝበጽሐና ሓበሬታ ገሊጹ።



ኣብቲ ኣብ ከተማ ዋሽንግተን-ዲሲ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣቶ ብርሃነ ገብረሂወት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ብዙርያን ሽምዓ ተሰንዩ ዝግበር ዝኽሪ ሰማእታት፡ ኣብ ምሕዳስ መብጽዓ ዘለዎ ተራ ብቐሊል ዝግመት ከምዘይኮነ ጠቒሱ፡ ሰማእታትና ዕላማዊ ብእንግዶ ተግባር ከንደኽዕን መብጽዓና ክንሕሉን ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

መሰረት ህንጻት ሃገር ቀዳሚ ዕዮን ሓላፍነትን ወለዶታት ምዃኑ ዘመልከተ ወኪል መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ መንእሰይ ኣለክሳንደር ተስፋይ ብወገኑ፡ መንእሰያት ክብሪታት ሕብረተሰብና ወሪሶም ሕድሪ ሰማእታት ኣብ ምትግባር ሱታፌኦምን ኣበርክቶኦምን ከዕዝዙ ኣዘኻኺሩ።

ኤርትራውያን ተቐማጦ ላስቬጋስን ኣብ ዞባዶም ተመሳሳሊ መደብ ዝኽሪ ሕድሪ ሰማእታት ዝተግበረ ብወፍይ ስራሕ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ብኡሓፈሻ ሃገራዊ መደባት ንምዕዋት፡ ብፍላይ ድማ ስድራ ስውኣት ንምንባይ እጃሞም ከበርክቱ ቃሎም ኣሐዲሶም።

ኣብታ ዕለት ድማ፡ 125 ኣባላት ማሕበረኮም ንመሰሲ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ዝውዕል ልዕሊ 5 ሽሕ ዶላር ከወፍዩ እንከለዉ፡ ኣብ መጻኢ ኣፍሲ-ወከፎም ንመዓልቲ ሓንቲ ዶላር ንማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ከበርክቱ ምዃኖም መብጽዓ ኣትዮም።

ኣብ ሲያትል ዝነብሩ ኤርትራውያን ብወገኖም፡ ሽምዓ ብምብራህ ንዝሓለፈ ጽንኩር ኩነታትን ዝተራእየ ጅግንነትን ድሕሪ ምዝንታው፡ ኣቦ መንበር ሸማግለ በዓላትን ሓላፊ ህግደፍን ኣብታ ከተማ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ "ሕድሪ ሰማእታትና ዝትግበር፡ ሃዘ ክቡር ዋጋ ዝተኸፍላ ሃገር ልኡላውነታ ኣብ ምኽባርን ዳግም ኣብ ምህናጽን ምስ እንዋጥፍ'ዩ" ክብል፡ ኩሉ ዜጋ ተሳታፍነቱ ከበርኽ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ ተሳተፍቲ፡ ንመናበዪ ደቂ ስውኣት ዝውዕል ልዕሊ 14 ሽሕ ዶላር ከምዝወፈዩ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ኤርትራውያን ተቐማጦ ዳላስ ኣብ ዞባዶም፡ ብምብራህ ሽምዓ ዝተሰነየ ናይ ዝኽሪ መደብ ድማ፡ "ምስ ህዝብናን ሃገርናን ዘለና ጥቡቕ ምትእስሳርን ኣብ መደባት ልምዓት እንገብሮ ተሳትፎን ኣካል ሕድሪ ሰማእታትና'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ ተጻብኦታት ብንቕሓት ገጢሞም ኣበርክቶኦም ንምዕዛዝ ቃሎም ብምሕዳስ፡ 20 ሰነ ኪኖ ዝኽሪ ሓዚሉ ዝላ መዘና-ኣልቦ ቅያ ናብ መንእሰያት ንምስግጋር ከምዝጽዕሩ ሓቢሮም።

ብተመሳሳሊ - ኤርትራውያን ነበርቲ ኮሎምበስ - ኦሃዮን ኣትላንታ - ጆርጅያን ብኽቡር ዋጋ ህይወት ንዝመጽእትን ንዝተዓቀበትን ናጽነት ብዝበራዊ ስራሕ ግዝኛ ምዕባለ ንምስላማ ቅሩብነቶም ኣረጋጊጾም።

ብተመሳሳሊ ኤርትራውያን ነበርቲ ኦክላንድ ኣብ ዞባዶም - ወረስቲ መንእሰያትን ቆልዑን ብዝበዝሐ ዝተሳተፍዎን ብዮጥምታትን


ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል


# ንስንኩላን ቆልዑ ዝምልከት ሰነድ 2013 ተዘርጊሑ

ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ምስ ማዕከን ህጻናት ውድብ ሕቡራት ሃገራት (ዩኒሴፍ) ብምትሕብባር ናብ ስንኩላን ቆልዑ ዘተኮረ ሰነድ - ሚኒስተራት፡ ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ዲፕሎማሲያውያን፡ ወከልቲ ኣህጉራውያን ማሕበራት፡ ስንኩላን ህጻናትን ወለድን ኣብ ዝተረኽቡሉ ትማሊ 24 ሰነ ብወግዒ ዘርጊሑ።

ኣብቲ "ምድንፋዕ ማዕረ ዕድላት ንስንኩላን ቆልዑ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓይነ ስውራን ኣብርሃ ባህታ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተር ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ሳልማ ሓሰን ኣብ ዘስምዓቶ ቃል፡ ናይ ሎሚ ዓመት ሰነድ ንስንኩላን ቆልዑ ኣተኩሩ ይዝከር ምህላው፡ ኑቲ መንግስቲ ኤርትራ ንህጻናትን ስንኩላንን ክህቦ ዝጸንሐ ክብርን ሓልዮትን ድርዒ ዝውሰኽ'ዩ ክትብል ኣስሚራትሉ።

ስንክልና ካብ ዘኾነ ንጥፈት ከምዝይሕርም ደሮ ጭብጢ ተመኩሮ ኣለና ዝበለት ሚኒስተር ሳልማ፡ ዚ ንምፍኳስ ተወሳኺ ጻዕሪ እንተተገይሩ ተሳታፍነት ስንኩላን ቆልዑ ኣብ ትምህርትን ካልኦት ማሕበራዊ ንጥፈታትን ማዕረ መዛንኦም ከምዝኸውን ብዝበረ ምርግጋጹ ጠቒሳ፡ ዝተርፈና ከምዝሎ ኣብሪሃ።

ወኪል ዩኒሴፍ ኣብ ኤርትራ ዶክተር ሓሚድ ኣልባሽር ብወገኑ፡ ምሕላው መሰላት ህጻናት ኣብ ኤርትራ ካብ ዓበይቲ ክብርታት ሕብረተሰብ ምዃኑ ከየገዘበ ከምዘይሽኣለ ብምጥቃስ፡ "ዝተፈላለየ ስንክልና ዘለዎም ቆልዑ ጸገሕ ተኣምር ክሰርሑ ምእንቲ ሎሚ ክንድግፎምን ክንሕብሕቦምን ሓላፍነትና'ዩ" ኢሉ።

እቲ መደብ፡ ስንኩላን ቆልዑ ብዘቕረብዎ ኑቲ ዕለት ዘንጸባርቕን ዓቕሞምን ብቕዓቶምን ዘኩልሐ ኣደ-ጥበባውን ስነ-ጥበባውን ምርኢት ማዕርጉ ነይሩ።

***

# ኣመሪካ፡ ኤርትራውያን ን20 ሰነ ...

ካብ 1ይ ገጽ ዝቐጸለ



መዝሙርን ዝዘሰዩን ናይ ዝኽሪ ሰማእታት መደብ፡ መብጽዓኦም ንትግባረ ሕድሪ ሰማእታት ብምሕዳስ፡ ኣብ ከካይዱዎ ዝጸንሑ ናይ ምእላይ ሰድራ ስውኣት መደብ ብዘሰፍሐ ከምዝሰርሕሉ ኣረጋጊጾም፡፡

# ሓበሬታ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና

ሚኒስትሪ ጥዕና ከምቲ ልሙድ ብሃገር ደረጃ፡ ንኹሎም ካብ 6 ወርሒ ክሳብ 5 ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት፡ ካብ 26 – 30 ሰነ ቫይታሚን "ኤ" ክዕድልን ክታብት ክኽተብን ስለዝኾነ፡ ወለዲ ወይ መቐረብ ናይ ክታብት ካርድ ብምሓዝ ናብ ቀረባኦም ዝርከብ ትካል ጥዕና ወይ ግዜያዊ መኽተቢ ቦታ ብምምጻእ ደቅኹም ቫይታሚን "ኤ" ከም ዝወስዱን ከም ዝኽተቡን ክትገብሩ ይሕበር፡፡

ቫይታሚን "ኤ"

- ካብ ጋህምን ዐረትን ይከላኸል
- ስርዓተ ምክልኻል ኣካላት የሕይል
- ብሰንኪ ንፍዮን ሕማም ውጽኣትን ክስዕብ ዝኽእል ሞት የጉድል
- ብኣጠቓላሊ መጠን ሞት ህጻን የጉድል

ክታበትከ?

- ክታብት'ውን ኣብ ግዜ ህጻንነት ንዘርኣዩ ሸሞንተ ኣሰንከልትን ቀተልትን ዝኾኑ ሕማማት ንምክልኻል ይሕግዙ፡፡

ስለዚ ጥዕና ደቅና ንምፍዋስ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ዕለታት ቫይታሚን "ኤ" ከም ዝወስዱን ከም ዝኽተቡን ንገበር፡፡

ሚኒስትሪ ጥዕና

# ጀርመን፡ ኤርትራውያን ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ኣበርቲዖም ክጽዕቱ ምዃኖም ኣረጋጊጾም

ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማታት በርሊን፡ ካስል፡ ፍራንክፈርት፡ ከምኡውን ሃይደልበርግን - ጀርመን፡ ንትግባረ ሕድሪ ሰማእታት ኣበርቲዖም ከምዝጽዕቱ፡ ብምኽንያት 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ኣብ ዘካየድዎ ናይ ዝኽሪ ዕለት ደጊሞም ኣረጋጊጾም፡፡

ኣብ ከተማ በርሊን ኣብ ዝተኻየደ ስነስርዓት ዝኽሪ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ስውኣትና ወትሩ ኣብ ልቢ ኩሉ ኤርትራዊ ከምዝለዉ ብምምልካት፡ 20 ሰነ ሕድርም ንምትግባር መብጽዓና እነሕድሰሉ ስለዝኾነ፡ ኣብ ሃገራዊ ክብርታትና ክንጸንዕ ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ፡፡

"ዝኽርና ሓበን - መብጽዓና ግብሪ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኤርትራውያን ተቐማጦ ፍራንክፈርት ኣብ ዘካየድዎ ብእግሪ ጉዕዞን ጾመ-ሰማእታትን ዝዘሰዩ ስነስርዓት፡ ተሳታፍቲ ብኣቡነ ዲዮስቆሮስ ራብዓይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ እናተመርሑ ጸሎተ-ሕልና ድሕሪ ምብጽሖም፡ ናይ ምውላዕ ሽምዓ መደብ ኣካዪዶም፡፡

ኤርትራውያን ተቐማጦ ከምኡውን ከባቢኡን ብወገኖም፡ ንሰማእታቶም ሕልናዊ ጸሎት ድሕሪ ምብጻሕ፡ ብበርኽ ሃገራዊ መንፈስ መትከል ሰማእታቶም ክኽተሉን ሕድሮም ክጽንዑን ከም ወትሩ ድሉዋት ምህላዎም ብምርግጋጽ፡ ንመስዋእቲ ማዕበን ሕድሪ ሰማእታት ዝውዕል ወፈያታት ከምዝገበሩ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ፡፡

ብተመሳሳሊ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ሃይደልበርግ ኣብ እግሪ "ገረብ ሰውእ" ብምትእኽኻብ ንዝኽሪ 20 ሰነ ሰልፊ ሽምዓ ድሕሪ ምኻያድ፡ ህያብም ንዝኾነ ሃገር ብልምዓትን ዕበየትን ንምኽባብ ቃል ኣትዮም፡፡

"20 ሰነ ንሰማእታት ዘለና ኣኽብሮት፡ ፍቕርን ምስጋናን እንገልጸላን መብጽዓና እነሕድሰላን ዕለት ሓበን'ያ" ዝበሉ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ካስል ብወገኖም፡ ሰማእታትና ዝሓለምዋ ሃገር ንምህናጽ ኣብ ዝካየድ ሃገራዊ ወፍሪ እጃሞም ንምብርካት ድልዋት ምህላዎም ኣረጋጊጾም፡፡

ኣብቲ ናይ ዝኽሪ ዕለት፡ ኣብ ኩለን ከተማታት ኣብ ምንባይ ሰድራ ስውኣት ዝሓገዙ ዘለዉ ዜጋታት ዝተዳለወሎም ወረቐት ምስጋና ተዓዲሎም፡፡

# ላባ፡ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ንምህብታም ሓያል ማእቶታዊ ንጥፈታት ይሰላሰል

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ለባ - ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ንምህብታምን ውሕስነት ዝስተ ማይ ሱበን ጥሪትን ንምውሓስን ማእቶታዊ ንጥፈታት የሰላስሉ ከምዘለዉ ገሊጾም፡፡

ንኣቶም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ብሰንኪ መግዛእትን ኩናትን ዓዲሞ ዝጸንሐ ከባቢኦም ናብ ንቡር ንምምላስ ኣብ ሕዛእትን ምስራሕ ክትርታትን ዛላታትን ኣበርቲዖም ይሰርሑ ከምዘለዉ ብምሕባር፡ ዛጊት ኾኒ ብዕራይን ከባቢኡን ምሉእ ብምሉእ ተዛልዩ ክሕዛእ እንከሎ፡ ክልተ ራህያታት ብማእቶት ከምዝሰርሑ ኣብሪሆም፡፡

ኣቶ ሳልሕ እድሪስ ድርሆይ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ህዝቢ ብዘበርከቶ ልዕሊ 5 ሽሕ ዝተፈላለየ ፈልሲታት ክተክል እንከሎ፡ ኣብ ክራማት ዝተተከሉ ብርኽት ዝበለ ጉናጉና ተኸዲኑ ምህላው ሓቢሩ፡፡

ኣቶ ሓምድ ናሳዕን ወይዘሮ በኺታ ዐስማንን ብወገኖም፡ ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ዘካይድዎ ዘለዉ ማእቶታዊ ንጥፈታት ከባቢኦም ንምልማዕ ምዃኑ፤ ህዝቢ ድማ ብልዑል ኒሕ የሰላስሎ ከምዘሎ ብምሕባር፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ናውቲ ማእቶት ኣብ ምቕራብን መኸኒ ኣድሓኑት ኣብ ምዝርጋሕን ክተሓጋገዞም ተላብዮም፡፡

ወይዘሮ በኺታ ዐስማንን ኣቶ እድሪስ ዐስማንን ድማ፡ ኣቐዲሞም ብዘጋጥሙ ተወዲቦም ዘሰላስልዎ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ስለዘይነበረ መሬቶም ተባሒጉጉ ክኸይድ ምጽንሑ፡ በዚ ምኽንያት ድማ ሕርሻዊ ምህርቶም ከም'ቲ ዝድለ ከምዘይነበረ ብምጥቃስ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ግን መሬቶም ናብ ንቡር ንምምላስ ኣበርቲዖም ይሰርሑ ከምዘለዉ ኣረዲኦም፡፡

## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቀ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቀ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቀ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቀ.ስ. 125394-08204224

**ምልክታ**


ቀ.ስ. 125013 - ቀ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ገብረመድህን
ሰላማዊት ክብረኣብ
ሳምራዊት መለስ
ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጸጋይ

## ኲመዓ ኣብ ERI-TV

| | |
|---|---|
| 12:00 | መደብ ሪምና |
| 12:30 | ዜና ብትግርኛ |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና ብዓረብ |
| 13:50 | መላምሕ |
| 14:20 | ኖሪት |
| 15:10 | news higlights |
| 15:35 | ተኸታታሊት ፊልም x-files |
| 16:25 | erispora |
| 17:00 | ዶክቶራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:15 | Hot Tracks |
| 19:00 | ዜና ብትግረ |
| 19:20 | ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት |
| 20:00 | ዜና ብዓረብ |
| 20:20 | መደብ ስፖርት |
| 21:00 | ዜና ብትግርኛ |
| 21:25 | ኣተኩሮ |
| 22:15 | ዜና ብእንግሊዝ |
| 22:30 | Media Offline |
| 22:55 | ህርመት |




ተስፋኣለም የማነ

# ጉጅለ ቢልደርበርግን ምስጢራዊ ኣጀንዳታቱን


## 2ይ ክፋል

ኣብ 1921 ዝተመስረተ ናይ ኣመሪካ ቤት-ምኽሪ ዝምድናታት ወጻኢ. (CFR)ን ስሉሳዊ ኮሚሽን (TC)ን እየም ቀንዲ ክልተ መሻርኽቲ ጉጅለ በልደርበርግ እዮም። ሰለስቲኦም ጉጅለታት ኣደን ኻንቲን ኮይኖም ንሓደ እኩይን ምስጢራውን ዕላማ ማለት ንምቛም ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ይሰርሑ። ቀዳሞት መስረትቲን ኣባላትን ጉጅለ በልደርበርግ ምስ'ዞም ክልተ ጉጅለታት ተሓቝፎም ዝነበሩ'ዮም። ካብ ዝሓለፉን ዘለዉን ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ኣመሪካ'ውን እዮም ዝበዝሑ ኣባላት ናይ'ዞም ጉጅለታት'ዮም። ጆን ኬኔዲ፣ ሪቻርድ ኒክሰን፣ ኢይዘንኣወር፣ ጂሚ ካርተር፣ ጆርጅ ቡሽ ዓቢ፣ ቢል ክሊንተን፣ ሀርበርት ሁቨር፣ ጆን ኬሪን ጆን ማኬይንን ከኣ እዮም ክጥቀሱ ዝኽእሉ መራሕትን ሕጹያት መራሕትን እዮም። ብዘይካ ጀምስ በርንስ ኩሎም ካብ 1940 ንደሓር ናብ ኮረሻ ስልጣን ክፍሊ. ቤ/ጽ ጉዳያት ወጻኢ. ኣመሪካ ዝደየቡ ጸሓፍቲ እንተኾኑ'ውን ኣባላት'ዮም። ብዘይካ'ዚኣቶም፣ ዳይረክተራት ማእከላይ ወከልቲ ስለያ፣ ሓለፍቲ ፈደራላዊ ቤት-ጽሕፈት መርመራ ገበን (FBI)፣ ወከልቲ ሃገራዊ ድሕነት፣ ጸሓፍቲ ክፍሊ. ትረዠሪ፣ ፕረዚደንትታት ላዕለዋይ ቤት-ፍርድን ጸሓፍቲ ክፍሊ. ምክልኻልን በዞም ክልተ ጉጅለታት ይውከሉ። ካብ 1947 ንደሓር ጥራይ 14 ኣባላት ቤት-ምኽሪ ዝምድናታት ወጻኢ. ዝነበሩ ጸሓፍቲ ክፍሊ. ቤ/ጽ ምክልኻል ኣመሪካ ክኾኑ ክኢሎም።

ኣመሪካ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣርባዕተ ዓመታት ሚልዮናት ካብ ዜጋታታ ዘድምጽሉ ፕረዚደንታዊ ምርጫ'ኳ ተካይድ እንተኾነት፣ ብግብሪ ግን ህዝቢ ዘይፈልጦ ጉጅለ በልደርበርግ'ዩ ንመራሒኣ ዝመርጽ። ሓያለ ጸሓፍቲን ተንተንትን ከምዘገልጽዎ፣ ፕረዚደንት ኣመሪካን ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያን ከሎ ጌና ኣብቲ ዓመታዊ ዝካየድ ምስጢራዊ ኣኼባ ጉጅለ በልደርበርግየም ዝርቀሑ። ንኣብነት እቲ ኣብ 1990ታት ንኣመሪካ ክመርሕ በጺሑ ዝነበረ ቢል ክሊንተን ፈለማ ኣመሓዳሪ ክፍሊ-ሃገር ኣርካንሶ እዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ፖሊቲካዊ ህይወት ኣመሪካ ጽልዋ ኣይነበሮን ጥራይ ዘይኮነስ ከም ፖለቲከኛ ዝፈልጦ ኣመሪካዊ'ውን ኣዝዩ ውሑድ'ዩ ነይሩ።


እዚ ኮይኑ ግን ኣመሓዳሪ ክፍሊ-ሃገር እንከሎ ኣብ 1991 ብጉጅለ በልደርበርግ ተዓዲሙ ኣብ ጀርመን ኣብ ዝተኻየደ ምስጢራዊ ኣኼባ ተኻፊሉ። ድሒሩ ከምዝተፈልጠ፣ ክሊንተን በቲ ኣብ ጉጅለ በልደርበርግ ዝለዓለ ጽልዋ ዝነበሮን ኾ'ውን ዘለዎን ወናኒ ቢልዮናት ዶላር ርስቲ ዝኾነ ደቪድ ሮክፌለር'ዩ ተዓዲሙ። ክሊንተን ኣብቲ ምስጢራዊ ኣኼባ ምስተሳተፈ፣ ነቲ ኣብ ኣህጉር ሰሜን ኣመሪካ ክትግበር በቲ ጉጅለ ተጠጂኡ ዝነበረ ናይ ምዝመዛን ግብትናን ኣጀንዳ ማለት ምቛም ስምምዕ ናጻ ንግድ ሰሜን ኣመሪካ (NAFTA) ክድግፍ፣ ዚ. እንተገይሩ ድማ ጉጅለ በልደርበርግ ኣብ ዓበይቲን ጸለውቲን ማዕከናት ዜና፣ ምእንቲ ኣመሪካ ኢሉ ካብ ሰማይ ዝወረደ መልኣኽ ብዝስምዕ ቃና ሰፊሕን ዝተጋነነን ዜናዊ ሽፋን ክህብኦ መመርሒ. ተዋሂቡ። ክሊንተን ኮረሻ ስልጣን ምስ ጨበጠ እቲ ብጉጅለ በልደርበርግ ተጠጂኡ ዝነበረ ግናይ ኣጀንዳ ኣብ ወርሒ. ጥሪ 1994 ግብራዊ ኮይኑ።

ጆርጅ ቡሽ ዓቢ'ውን ብተመሳሳሊ. ኣገባብ'ዩ በትረ ስልጣኑ ጨቢጡ። ብዙሕ ፖለቲካዊ ጽልዋ ኣብ ዘይነበሮ ግዜ ድማ'ዩ ብዋጋ ረብሓታት ሓፋሽ ንኣጀንዳታት ውሑዳት ክሰሲ. ትብዓት ከምዘለዎ በቲ ጉጅለ ክልለ ዝኸኣለ። ብድሕሪ'ዚ. ጉጅለ በልደርበርግ ኣብቲ ብ1985 ዘቃንዖ ዓመታዊ ኣኼባኡ ኣሳቲፉዎ። ናይ ምምዳርን ምትላልን ክእለቱ፣ ትብዓቱ፣ ርእይቶኡን ኣተሓሳስባኡን ብዙዮቦኡ ምስ መዛኖ ድማ እቲ ዝደልዩ ዓይነት ሰብ ኮይኑ ጸኒሑዎም። ብዘበርዮ ሓይሊ. ግዙፋን ሚድያን ተሓጊዙ ከኣ ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት ማለት ኣብ 1988 ኣብ ኮረሻ ስልጣን ኣኾየጦ። ወዱ እንተኾነ'ውን ብመገዲ'ቲ ጉጅለ'ዩ ናብ ዋይት ሃውስ ክኣቱ ክኢሉ። ኒቲ ኣብ ዝቐጸል ዓመት ኣብ ኮረሻ ስልጣን ናይ ዋይት ሃውስ ብምኹያጥ ሞሳኡ ክኸፍሎ ምኽንያቱ ብደቪድ ሮክፌለር ተኻፊሩዎ። ክሊንተን ንትግባረ ናይ'ቲ ን99% ካብ ህዝቢ. ኣመሪካ ፈጺሙ ዘየርብሕ ዝነበረ ኣጀንዳ ክሰርሕ ምኽንያት ቃል ድሕሪ ምእታዉ፣ ከምቲ መብጽዓ ዝተኣትወሉ ኣብ ዝቐጸለ ዓመት መራሒ. ኣመሪካ ኮይኑ ተመሪጹ። ኣብ እዋን'ቲ ዘካይዶ ዝነበረ ናይ ምረጻኒ ጎስጓስ፣ ከም ሲ.ቢ.ኤስ ዝኣመሰላ ብኣባላት ናይ'ቲ ጉጅለ ዝውነና ዓበይቲ ማዕከናት ዜና ሰፊሕ ሽፋን ረኺቡ ዝብሉ ኣለዉ።










2008 ዝተኻየደን መወዳእታኡ ባራክ ኦባማ ዝተዓወተሉን ፕረዚደንታዊ ምርጫ እንተተመልከትና'ውን እቲ ብድሕሪ መጋረጃኡ ዝነበረ ተዋስኦ ተመሳሳሊ.'ዩ። ኦባማ ናብ ስልጣን ከይደየበ እንከሎ ልክዕ ከም ናይ ክሊንተን፣ ካብ ቅድሚ ሓያለ ዓመታት ኣትሒዙ'ዩ ኣብ ዓይኒ ኣባላት ጉጅለ በልደርበርግ ክኣቱ ክኢሉ። ጆርጅ ቡሽ ገና ናይ ስልጣን ግዜኡ ከየብቐዐ እንከሎ ከኣ ኦባማ ዝቐጽል መራሒ. ኣመሪካ ክኸዉን እዩ'ም ኣባላት ኣብ ዕጹው ማዕጾ ተረዳዲኦም ወዲኦሞ ምንባሮም ንምስጢራዊ ኣካይዳ'ቲ ጉጅለ ብቐረባ ዝከታተሉ ክኢላታት ይምስክሩ።

ኣብቲ ኣብ 2008 ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ፣ ብዓበይቲ ማዕከናት ዜና ተሓጊዙ ስሙ ሰማይ ዘዕረገ ባራክ ኦባማ ካብ'ታ ኣባል ፖለቲካዊ ሰልፉ ዝነበረት ሂላሪ ክሊንተን ሓያል ፈተነ'ዩ ገጢምዎ። መንም ከምዝዕወት (ንሰልፊ ደሞክራትስ ንምውካል ምኽንያ'ዩ) ኣቐዲምካ ምእማኑ ንክኢላታት ፖለቲካ ከይተረፈ. ኣሸጊርዎም። እቲ ምርጫ እናተቓረበን እናተወዓውዐን ኣብ ዝኸደሉ ግን ክልቲኦም ሕጹያት ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ. ካብ ኣዒንቲ ጋዜጠኛታት ተሰዊሮም ናብ ዘይተፈልጠ ሚስጢራዊ ቦታ ብሓንሳብ ኣምሪሖም። ገለ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር "ኦባማን ሂላሪን ተሰዊሮም!" ብዝስምዕ ቃና ዘይልሙድ ዜና ክዘርግሓ ጀሚረን። ብኡ ምኽንያት ድማ ብዙሓት ካብ ተኸታተልተን በቲ ኩነታት ክሻቐሉ ተራእዮም። ክልቲኦም ሕጹያት ድሕሪ ናይ ሓያለ ሰዓታት ምኽዋል ግን እንደገና ኣብ መሳኹቲ ቴለቪዥን ክራኣዩ ጀመሩ። ድሒሩ ከምዝተፈልጠ ከኣ፣ ኦባማን ሂላሪን ካብ ኣዒንቲ ማዕከናት ዜና ክኸወሉ እንከለዉ. ብወከልቲ ጉጅለ




በልደርበርግየም ተጻዊዖም ኣብ ስቱር ሆቴል ርክብ ዘካይዱ ዝነበሩ። ምስቲ ጉጅለ ዘካየድዎ ርክብ ዛዚሞም ምስ ተመልሱ ከኣ፣ እታ ንኦባማ ክትግልፎ ምኽንያት ደጋፊማ ትምድር ዝነበረት ሂላሪ ክሊንተን ብኡ ንብኡ ማለት ድሕሪ ክልተ መዓልታት ካብቲ ውድድር ብፍቓዳ ከምዝሰሓበት ብወግዒ ገሊጻ፣ ንደገፍታ ዘሰንበደ ውሳነ ድማ'ዩ ነይሩ። ብድሕሪ'ዚ. ባራክ ኦባማ እቲ ዝኸበደ ብደሆኡ ሰለ ዝተኣለየሉ፣ ናብ ቤተ-መንግስቲ ዋይት ሃውስ ናይ ምእታው ተኽእሎኡ ርጉጽ ኮነ፣ ብርግጽ ከኣ ኣብቲ ኣብ መወዳእታ ዝተኻየደ ምርጫ ብቐሊሉ ተዓዊቱ ክኸውን ክኢሉ።

ኣብ ታሪኽ ኣመጻጽኣ መራሕቲ ብሪጣንያ እንተተመልከትና'ውን ካብዚ. ናይ ኣመሪካ መራሕቲ ዝፍለ ኣይኮነን። ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ዝነበረ ቶኒ ብሌር ብ1993 ኣብ ኣቴንስ ኣብ ዝተኻየደ ስቱር ኣኼባ ጉጅለ በልደርበርግ ተዓዲሙ ክሳተፍ እንከሎ ከም ፖለቲከኛ ዝፈልጥዎ ዝነበሩ ብሪጣንያውያን ኣዝዮም ውሑዳት'ዮም ዝነበሩ። ምኽንያቱ ኣብ መጋባእያ ባይቶ ኣብ ድሕሪት ኮፍ ኢልካ መንበር ካብ ምማቕ ዝሓልፍ ንጥፈታት ስለ ዘይነበሮ። እንተኾነ ድሕሪ'ቲ ኣኼባ ኣብ ሓጺር ግዜ ስሙን ዝናኡን ሰማይ ክዓርግ ጀሚሩ። ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ማለት ኣብ 1997 ከኣ ንመቓናቕንቱ ብጠፊሕ ረቲዑ ቀዳማይ ሚኒስተር'ታ ሃገር ክኸውን በቒዑ። እታ ኣብ ዝሓለፈ. ሓደት ኣዋርሕ ካብዚ ዓለም ዝተፈልየት ቀዳመይቲ ሚኒስተር ነበር ማርጋሬት ታቸር'ውን ኣብ ኣኼባ ጉጅለ በልደርበርግ ምስ ተሳተፈት'ያ ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት በትረ-ስልጣን ክትጭብጥ ክኢላ።

ብሓፈሻ ታሪኽ ናይ ኩሎም መራሕቲ ብሪጣንያ ሓደን ድግምጋም'ዩ። መራሕቲ ናይ'ቲ ወጽኢት ውዲት ጉጅለ በልደርበግ ምኽንያት ዝኾኑ ሕብረት ኤውሮጳ'ውን ካብዚ. ዓንኬል'ዚ. ፍጹም ዝወጹ ኣይኮኑን። ኣብነት ንምጥቃስ፣ ሀርመን ቫን ሮምፑይ ኣብ 2009 ኣብ ዝተኣንገደ ኣኼባ ናይ'ቲ ጉጅለ ንተሳተፍቲ መደረ ድሕሪ ምስምዑ፣ ኣብ ሻውዓይ መዓልቱ ፕረዚደንት ቤት-ምኽሪ ሕብረት ኤውሮጳ ክኸውን ብዕብላሊ. ድምጺ. ተመሪጹ።

ይቕጽል

# ስድራ ቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ኣቦ ዲኻ ወላዲ?

ኣቦ ምኳን ማለት እንታይ ማለት'ዩ? ንኹሉ ቈልዓ ዝወለደ ዘበለ ሰብኣይከ ኣቦ (father) ዝብል መጸውዒ ክወሃቦ ቅኑዕ መግለጺ ድዩ? ብኣንጻር እዚኽ ወላዲ (parent) ማለት እንታይ ማለት'ዩ? ኣብ መንጎ ኣቦን ወላድን ዘሎ ፍልልይከ? ክኢላታት ማሕበራዊ ዓውዲ ከም ዝሕብርዎ፡ ኣብ መንጎ ኣቦን ወላድን ገፊሕ ፍልልይ ከም ዘሎ'የም ዝገልጹ።

ብመሰረት ክኢላታት ማሕበራዊ ዓውዲ ዘቕርብዎ መርትዖ፡ ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ፡ ኩሉ ቈልዓ ዝወለደ ዘበለ ሰብኣይ ወላዲ ተባሂሉ ክጽወዓ ይኽእል'ዩ። ኩሉ ቈልዓ ዝወለደ ሰብኣይ ግን ኣቦ ተባሂሉ ክጽዋዕ ኪኾኖ ቈልዓ ምውላዱ ከማልኦም ዘለዎ ነጥብታት ስለዘለዉ፡ ቈልዓ ጥራይ ስለዝወለደ ኣቦ'ዩ ክብሃል ቅኑዕ መግለጺ ዘይምኳኑ ይገልጹ። ስለዚ ድማ ወላዲ ምኳን ቀሊል'ዩ፣ ኣቦ ምኳን ግን ኪንጾ ወላዲ ምኳን ሓያል ጻዕሪ ይሓትት። በዚ ድማ'የም ኩሎም ዝተወልዱ ቈልዑ ወለዲ ዘለዎም ኩሎም ቈልዑ ግን ኣቦታት ዘይብሎም። ኣቦ ምኳን እምበኣር፡ ቈልዓ ምውላድ ጥራይ ኣይኮነን። ኑቲ ዝወለድካዮ ቈልዓ ብኹሉ መዳይ (ብመንፈሱ፡ ብኣእምሮን ብኣካልን) ብፍቕሪ ተኸናኺንካ ኣብቲ ዝድለ ናይ ምብጻሕ ሓላፍነት'ዩ። ነዚ ሓላፍነት'ዚ ዘየማልአ ወላዲ ድማ ኣቦ'ዩ ኢልካ ክትሰምዮ ቅኑዕ መጸውዒ ኣይኮነን ይብሉ ክኢላታት ማሕበራዊ ዓውዲ። በዮናይ መለኪዒ'ሞ ኣቦ ክንብሎ ንኽእል? ቈልዓ ስለዝወለደን ንደቁ ዝብላዕ ጥራይ ስለዝቖረበሎምን? ኑቶም ዝወለዶም ቈልዑ ድሕሪ ዕለተ ልደቶም፡ ኣበይ ኣለኹም? ብኸመይ ትዓብዩ ኣለኹም? ዘይብሎም፣ ክልግሰሎም ዘለዎ ፍቕርን ሓልዮትን ንዘይፈገሎም ድኣ'ሞ ከመይ ኢሉ'ዩ ኣቦ ክበሃል? ከመይ ኢሉኸ ምስቲ ብመንፈሱ፡ ብኣእምሮን ብኣካልን ምሳኦም ኮይኑ ደቁ ኮስኩሱ ዘዕቢ ዘሎ ኣቦ ክወዳደርን ብሓደ መጸውዒ ክስመን? ካብቲ ዘገርም፡ ብዙሓት ሰብኡት ወለዲ ክኾኑም ንኹሉም ግን ከም ኣቦታት ዝወሰድዋ ምኳኖም'ዩ። ስለዚ፡ ወለዶም ንደቆም ብምሉእ ሓላፍነት ዘዕብዩ ሰብኡት ኣቦታት ተባሂሎም ካብ ተጸውዑ፡ እቶም ግቡኦም ዘየማልኡን ሓላፍነቶም ዘድርብዩን ሰብኡት ግን ወለዲ ኢልና ካብ ጸዊዕናዮም፡ ንሕና ካበዮኖት ኢና? ወለዲ ጥራይ ዲና ወይ ናብ ደረጃ ኣቦታት ተሰጋገርና ኣለና? ርእስና ንመርምር። ዘጉደልናዮ እንተሎ፡ ተቐላጢፍና ንኣርሞ'ሞ ካብ ደረጃ ወላዲ ናብ ደረጃ ኣቦ ንሰገር።

እስከ ንሎም ብዛዕባ ኣቦ ተወሳኺ ገለ ክንብል። ኣቦ ምኳን ኣብ ልዕሊ ደቅኻ ኪንጾ ወላዲ ምኳን ዝሓልፍ ውሽጣዊ ፍቕርን ሓልዮትን ምህላው'ዩ። እዚ ከኣ፡ ንደቅኻ ብርእሰ ምትእምማንን ርእሱ ክብርን ሃኒጽካ ከተዕብዮም የኽእለካ። ንሳቶም ድማ ምስ ዓበዩ ንዓኻ (ንኣቦኦም) ይመስሉ።

ምስዚ ዘሎ ዘመነ ዓውሎማ፡ ናይ ሎሚ ስድራቤታት ብሓያል ማዕበል'የን ዝናወጻ ዘለዋ። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ናይ ቀጻሊ ናይ መስርሕ ለውጢ ስለዝርከባ፡ ትርጉም ስድራቤታት ደሰፍሓን ይዓቢን ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ንህላወ እታ ብኣቦን ኣደን ዝቖመት ስድራቤት ዝፈታትኑ ተርእዮታት ምቕልቃሉ ድማ ከቢድ ብደሆ ኮይኑ ደርኩቡ። ብሰንኪ ዓውሎማ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዕቑድ (30 ዓመታት) ለውጢ ማሕበረሰብ ተራእዩ'ዩ። ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ከኣ'ሞ ቁጽሪ ናይተን ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ጥራይ ዝምርሓ ስድራቤታት'ውን ወሲኹ'ዩ። ብዘይ ቃል ኪዳን ማለት ተጠራኒፎም ብሓባር ናይ ዝነበሩ ወለዲ ቁጽሪ'ውን ዛይዱ'ዩ። እዚ ኩሉ ድማ ንብዙሓት ቈልዑ፡ ኣቦታት ረኺቦም ንኸይዓብዩ፤ ንብዙሓት ወለዲ ድማ ኣቦታት ናብ ናይ ምኳን ደረጃ ንኸይሰግሩ ሓያል ብደሆ ፈጢሩሎም ደርኩቡ። ከም ውጽኢቱ ዓቕን ፍትሕን ዳግማይ ምምርዓውን በዚሑ። ጠንቂ ናይ'ዚ ኩሉ ድማ፡ ሸሕ'ኳ ዓውሎማ ዝፈጠሮ ብደሆ እንተኾነ፡ ማዕረ-ማዕሩ ግን እታ ወላዲ ዘይኮነ ኣቦ ዝመርሓ ስድራቤት ክትሕይል ዘይምኽኣላ'ያ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ሓንቲ ስድራ፡ እቲ ወላዲ ናይ ኣቦ ተራኡ ምስ ዝጸወት፡ እታ ስድራ ካብ ፍትሕን ሳዕቤናት ፍትሕን ዓውሎማዊ ነውጺን ክትድሕን ትኽእል'ያ። ስለዚ፡ ኣቦታት ክበዝሑ ኣለዎም - ብመንፈሱ፡ ብኣእምሮን ኣካልን በሲሎም ዝዓብዩ ውሉዳት ምእንቲ ክበዝሑ።

እዘን ዝስዕባ ዝበለጸ ኣቦ ንምኳን ዝሕግዛ ነጥብታት'የን፡

• **ምስ ውላድካ ግዜ ኣሕልፍ፡** ኣቦ ግዜኡ ምስ ውላዱ ከሕልፎ ከሎ፡ ንውላዱ እቲ ዝበለጸ ነገር'ዩ ዝገልጸሉን ዝምህሮን ዘሎ። ስለዚ፡ ቈልዑ ቀልጢፎም ስለዝዓብዩ፡ ኣቦታት ምስ ደቆም ዘሕልፍዎ ግዜ ሕጂ ምኳኑ ክስተውዕልዎ ጸቡቕ'ዩ። "ጎርከቡሉ ኢና" ዝብል ኣተሓሳስባ ምስ ውላዶም ክሕልፍዎ ዝከበሮም ግዜ ኪዩሰርቆም ክጥንቀቑ ኣለዎም።

• **ብፍቕርን ስነስርዓትን ተዓዘዝ፡** ኩሎም ቈልዑ ስነስርዓትን መራሕነትን ይደልዩ። እዚ ግን ብመቕጻዕቲ ዘይኮነስ፡ ንውላድካ ቅቡል ብዘይኮነን ብፍቕሪ ብዝተደረኸን ቀይድታት ገይርካ ምዕባይ ማለት'ዩ። ከምኡ'ውን ኣቦታት ስነስርዓት ኣብ ዝምህርሉ ግዜ፡ ደቆም ናይ ዝወሰድዎ ተግባራት ሳዕቤን ክዘኻኽርዎም ኣለዎም። ደቆም ዝርእይዎ ቅቡል ጠባይ (ኣደብ) እውን እወታዊ ምስጋና ክህብዎም ይግባእ። እቶም ብህድኣትን ብቕቡል ኣገባብን ንደቆም ስነስርዓት ዝትሕዙ ኣቦታት፡ ኣብ ልዕሊ ደቆም ፍቕሪ ዘርእዩ'ዮም።

• **ኣብነት ኩን፡** ይረድእዎ ኣይረድእዎ፡ ኣቦታት ንደቆም ኣብነት ምኳኖም ክፈልጡ ይግባእ። ንኣብነት፡ ምስ ፈቓር ኣቦኣ ግዜኣ ዘሕለፈት ጓል፡ መዛኑኣ ኣውዳት ብጽቡቕ ክከናኸንዋ መሰላ ምኳኑ እናፈለጠት'ያ ትዓቢ። ከምኡ'ውን መጻምዲ ዝኾና ሰብ ከመይ ዝበለ ክኸውን ከም ዘለዎ እናጠመተትን እናተማህረትን ክትዓቢ ይሕግዛ። እዚ ኩሉ ካብቲ ኣብነት ዝኾና ኣቦኣ ዝተማህረቶ'ዩ። ስለዚ፡ ኣቦታት ንኣውዳትን ኣዋልድን ደቆም፡ ቅንዕና፡ ትሕትናን ሓላፍነትን ብግብሪ እናኣርኣዩ ኣብ ሂወቶም ዝጠቕሞም ክምህርዎም ኣለዎም።

• **ተሰማዒ ኩን፡** 'ቈልዓ ብንእሱ ቆርበት ብርሒቱ' ከምዝበሃል፡ ኣቦታት ን ደቆም ብንእሶቶም ከለዉ ብዛዕባ ኣገደስቲ ኣርእስታት እናልዓሉ ምስ ደቆም ምብህሃል ክጅምሩ ኣለዎም። እዚ ድማ እቶም ቈልዑ እናዓበዩ ኣብ ዝኸድሉ ግዜ፡ ኣቦታት ኑቶም ኣጸገምቲ ነገራት ንምእላዮምን ንምቁጽጻርም ይሕግዞም። ስለዚ ኣቦታት፡ ደቆም ብንእሶቶም ከለዉ ምብህሃል ክላምድዎም ኣለዎም። ግዜ ወሲዶም ድማ ንናይ ደቆም ሓሳባትን ጸገማትን ክሰምዑ ይግባእ።

• **መምህር ኩን፡** ንደቆም ብዛዕባ ጸቡቕን ሕማቕን ዝምህሩ ኣቦታት፡ ከምኡ'ውን ደቆም ዓቕሞም ክገብሩ ዘተባብዕዎም ኣቦታት፡ ንደቆም ኣብ ሂወት እቲ ዝበለጸ ምርጫ ንኽገብሩ የኽእልዎ ከምዝለዎ ክፈልጡ ጸቡቕ'ዩ። ስለዚ፡ ኣቦታት መዓልታዊ ንደቆም ጸቡቕ ኣብነታት ሂወት እናኣልዓሉ ክምህርዎም ይግባእ።

• **ምስ ደቅኻ ሓቢርካ ተመገብ፡** ምስ ደቅኻ ሓቢርካ ምምጋብ ኣገዳሲ ክፋል ጥዑይ ስድራቤታዊ ሂወት ከም ዝኾነ ኣይከሓድን። እዚ ከኣ ንቈልዑ ብዛዕባ እንታይ ይገብሩ ኣለዉን እንታይ ክገብሩ ይደልዩን ንኽዛረቡ ዕድል ይኸፍተሎም። ኣቦ'ውን ንደቁ ክሰምዖን ምስኦም ንኽዋሳእን ጸቡቕ ኣጋጣሚ ይፈጥረሉ። ስለዚ፡ ነታ ስድራ መዓልታዊ ኣብ ሓንቲ ተጠርኒፋ ንኽትቅጽል፡ ኣቦታት ምስ ደቆም ሓቢሮም ክምገቡ ኣለዎም።

• **ንደቅኻ ንባብ መሃሮ፡** ኣብዛ ብኢንተርነትን ተለቪዥንን ተዓብለላ ዘላ ዓለም ኣቦታት ንደቆም ፍቕሪ ንባብ ክምህርዎምን ከንብበሎምን ኣዝዩ ጸቡቕ'ዩ። እዚ ከኣ ምስኦም ዘለዎም ዝምድናን ርክብን ንኽድልድል ይሕግዝ። ስለዚ፡ ኣቦታት ደቆም ናእሽቱ እንከለዉ ከንብቡሎም ምስ ዓበዩ ድማ ባዕሎም ንኽንብቡ ክተባብዕዎም ጸቡቕ'ዩ። ንደቅኻ ፍቕሪ ንባብ ከምዝህልዎም ምግባር ድማ፡ ሓደ ካብቲ ኣብ መጻኢ ዕብየቶም ጸላዊ ባህሪያት እተሰርጽሎም መስርሕ ሂወት ስለዝኾነ፡ ኣቦታት ጸቒጦም ክደፍእሉ ኣለዎም።

• **ንበዓልቲ ቤትካ ኣኽብር፡** ንሓድሕዶም ዝከባበሩ ወለዲ፡ ሓቢሮም ድማ ንደቆም ኣኽብሮቶም ዝገልጹ እንተድኣኮይኖም፡ ንደቆም ውሑስ ሃዋህው'ውን ኣከባቢ'ዮም ዝፈጥሩሎም። ካብዚ ብምብጋስ ድማ፡ ወለዶም ንሓድሕዶም ክከባበሩ ዝዕዘቡ ቈልዑ፡ ንሳቶም'ውን ብስድራቤቶም ቅቡላትን ክቡራትን ምኳኖም ዝገልጽ ስምዒት ስለዝሓድሮም፡ ኣቦታት ንበዓልቲ ቤቶም ከኽብሩ ይግባእ።

ከምቲ ቀዲሙ ዝተገልጸ፡ ኣቦ ምኳን ቀሊል ኣይኮነን። ኣብ ኣተዓባብያ ደቅኻ ሓያል ጻዕርን ተወፋይነትን ዘሰክም ሓላፍነት ምፍጻም'ዩ። ሕድሪ ተሰኪምካ፡ ንውላድካ ብሓላፍነትን ግቡእ ክንክንን ምዕባይ ዝፈጥረልካ ውሽጣዊ ባህታ ማዕረ ክንደይ ምኳኑ ምስክር ዘድልዮ ኣይኮነን። ብዓብኡ ፍሬኡ ኣብ ደቅኻ ዝርአ'ዩ። እዚ ከኣ ውላድ ብእትገብረሉ ኩሉ መዳያዊ ሓልዮትን ክንክንን፡ ቀስ ብቐስ ካብ ደረጃ ቈልዕነት ናብ ደረጃ ኩትትናና ብጽቡቕ ክዓቢ ክትርእዮ እንከለኻ፡ ኣቦ ምኳን ማዕረ ክንደይ ሞሳን ጸጋን ምኳኑ ይርደኣካ።






# ኣበይ ኾን ይህሉ?

ዓንዶም ግርማይ(ወዲ ደረስ)

እዋን እዚ ስእሊ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት'ዩ ነይሩ። ካብኡ ክሳብ ሕጂ ድማ ድሮ 26 ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። ስለዚ እዚ ንርእዮ ዘለና ቈልዓ ሎሚ ወዲ 31 ዓመት መንእሰይ ኮይኑ ኣሎ ማለት'ዩ። ብህይወት ኣሎ እንተኾይኑ ኣበይ ኮን ይህሉ ዝብል ሕቶ ክመጽእ ግድን'ዩ። ብልክዕ እዚ መንእሰይ ኣብዚ እዋን ኣበይኮን ይህሉ? ከም ኩሉ ዜጋ ኣብ ምልማዕን ምህናጽን'ዛ ሃገር ተጸሚዱ እጃሙ ኣብ ምብርካት ዶ ይህሉ ይኸውን?

እዚም ኣብ ዝተፈላለዩ ግዜያትን ኣጋጣሚታትን ብውሕልነት ተሳኢሎም ተሰኒዶም ዘለው ኣሳእል፡ እዚ እገለ'ዩ፡ እዚ ኣነ'የ፡ እዚ ከሶ'ዩ ዝብሉ ኣካላት እንተዝርከቡዎም ክንደይ ኮን ምጸበቐ።

ናይ ሰነዳ ስራሕ ሓደ ካብቲ ዓቢይቲ ገድላዊ ዕማማት ህዝባዊ ግንባር ምንባሩ ናይ ትማሊ ተዘክሮ'ዩ። ከም ወጽኢቱ ከኣ ኣብእዋን ቃልሲ ማእለያ ዘይብሎም ንሰነድ ዝበቕዑ ደረቕ ስእልታትን ተንቀሳቐስትን ተሰኒዶም'የም። በዚ ኣጋጣሚ ንዘይሕለል ተራን ኣበርክቶን ኣባላት ጨንፈር ስእሊን ሰነድን ክፍሊ ዜና ምስጋና ይብጽሓዮም። ብዓብኡ ከኣ ንናይቲ እዋን ልኡኻት ድምጺ ሓፋሽ ዝነበሩ ንዘንትእለት ዘይሃስስ ኣብ ስራሕ ብምስናዶም ብስም ኩሉ ኣንባቢ ክምስገኑ ይግባእ።

ምናልባት ተጋዳላይ ክብሃል እንከሎ፡ ኣብ ግዜ ከናት ብረት ሓዚ ኣንጻር ጸላእቱ ዝዋጋእ ወይ ዝቃለስ ጥራይ ዝመስሎ የዋህ ኣይስኣንን ይኸውን። ሰውራ ኤርትራ ግና ኩሉ መዳያዊ ቃልሲ ዝተኻየደሉ ዓውዲ'ዩ። ዕማም ተጋዳላይ ኣብዚን ኣብትን ተባሂሉ ዝተደረተ ስራሕ ኣይነበረን። ተጋዳላይ ማለት ኣንጻር ኩሉ መስገደል ዝቃለስ ብዘውንኖ ሞያን ብዘለዎ ዓቕምን ዝጋደል ዝነበረ'ዩ።

ተጋዳላይ ክብሃል እንከሎ ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ኣድማሳዊ(Universal) ስራሕ ዝዓምም ዝነበረ'ዩ እንተተባህለ ዝውሕዶ ኣይኮነን። እቲ ምንታይደኣ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ዕዮ ሰውራ ከም ተዋጋኢ፡ ከም መምህር፡ ሓረስታይ፡ ነጋዳይ፡ መሃንድስ፡ ጋዜጠኛ... ኮታ ዕማም ስርሑ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይነበረን።

ካሜራ ዝተሓንገጠ ተጋዳላይ፡ ነታ ዝረኸብ ንኡሽቶ እስትንፋስ ኣብ ሓደ ዓቢ መዓላ ከውዕላ'ዩ ዝጽዕር ነይሩ። ጉዳያት ማሕበራውን ባህላውን ንጥፈታት ሕብረተሰብ ማለት ኩነታት ኣዘመራ፡ ደርቂ፡ ሕሰም፡ ምምዛቦላት ህዝቢ፡ ኮታ መንብሮ ህዝብን ሰራዊትን ብምእታው ወጽኢት ስርሑ ብጽፉፍ ብስእሊ ኣብ ምስናድ ይዋፈር ነበረ።

ጨንፈር ስእሊ ሓደ ኣካል ናይ ቃልሲ ምንባሩ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ'ዩ። እቲ ኣብዚ ኣሃዱ እየም ዝሰኣልዎ ሰባት ዝምልከቶ'ኳ እንተኾነ፡ ዝተዓዘበ ድማ ግምት ክህቡሉ ዝጽግም ኣይኮነን። ካብ ሓረስቶት ስድራ ዝተወልደ ምዃኑ እቲ ተሰኪምዎ ዘሎ በትሪ'ዩ ምስክሩ - እኳ ድኣ ዝሓሸ ጸጋን ንዋይን ዘውንኑ ሓረስቶት ስድራ። እሰኪ ኣብዛ ንቕድሚት ዝወጽአት ከበዱ ንተዓዘቡ፡ እንታይ መሊኡዋ ኮን ይህሉ?

ክንዲ ሰብ ዝኣኸለ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ብማስተ ዝተፍጠጠ ከብዲ'ዩ ምበልናዮ ነይርና። እዚ ግና ከምዚ እንዕዘቦ ዘለና መዓንጣ ዘቆጸረ ህጻን'ዩ። እዚ ቈልዓ ካብ ሓረስቶት ዝተወልደ ኢልና ካብ ደምደምና፡ ኣብ ሓረስታይ ዝርከቡ ጸጋታት ከኣ ማእለያ የብሎምን። ገለ ካብኦም ከኣ ካብ ጠሊ-ብገሪትን ከብትን ዝረኽቦ ጽዕዲት'ዩ - ጸባን ውጽኢቱን። ስለዚ ብጸባን ውጽኢቱን ዝዓበ ኑቡሲ'ዩ ዝረኣናና ዘሎ።

ከምቲ፣ "ብጉግሆኡ ዝቐረሰ ጫቕተሲ ሽላ ጸልዕሎ" ተባሂሉ ዝምሰል፡ መን ይፈልጥ እዚ ጃምጥ ህጻን ብዓቕሙ መታን ክልኣኽ ትኸውን።

ናይ'ዚ ጫብጥ ኣብኡ እዛ ወድ፡ይዋ ዘሎ ካምቻ ዶ ንብላ ሳርያን ትምስክር ኣላ። ጽጋቡ ምጻር ሰኢና ዝተርበበት ከብዱ ንቓልዕ ኣወጺኣቶ ኣላ።

ብልክዕ ንምዝራብ እዛ ስእሊ ኣብ 1987 ኣብ ዞባ ምዕራብ ሎሚ ዞባ ጋሽ ባርካ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣብ ከባቢ ሽላሎ ኣብ ዝርከብ ዓድታት፡ እዚ ቈልዓ ኣብ ምሕላው መሓሰኣት እንከሎ ብኣባላት ክፍሊ ዜናን ልኡኻት ድምጺ ሓፋሽ ዝነበሩ ተጋዳላይ ታእዛዘ ኣብርሃ(ፅንዱቅር)ን ተጋዳላይ ምሕረቱ ገብረትንሳኤን ዝተወስደት ስእሊ'ያ። እዛ ስእሊ እዋን ኣብ ዝግበር ዝነበረ ወርሓዊ ገምጋም ናይ ስእሊ ዕውቲ ኮይና ኣብ መንጽሄታት ንሕትመት ካብ ዝበቕዓ ስእልታት ሓንቲ'ያ። ኣብዚ ህጂ እዋን ተጋዳላይን ጋዜጠኛን ታእዛዘ ኣብርሃ(ፅንዱቅር) ኣብ ሚኒስትሪ ዜና፡ ተጋዳላይ ምሕረቱ ገብረትንሳኤ ድማ ኣብ ወጻኢ ሃገር ይርከቡ ኣለው።

ዕድመ እዚ ቈልዓ ገምጊሙ እንተትብህሉ ክንደይ ምበልኩም? ብዘኾነ ግምትኩም ብዘየገድስ ኣብ

ነዛ ትርኢይዋ ዘለኹም ስእሊ ኣብ ገለ እዋን ተዓዚብኩማ ትኾኑ ዝብል ግምት ኣለኒ። እሰኪ ብምስትውዓል ተመልከትዋ። እዚ ቈልዓ ንምርኣዩ ደስ ይብለካ ዶ ሓቀይ? ኣሰይ ጃምጥ መዓረይ! ስጋ ዝተሰጠፎ ርእዘው ሰብኡቱ ኣቃውማ ኣካላቱ ተዓዚብካ ውሉድካ ክኸውን ትምኒ።

እዚ ህጻን ከምቲ እዚ ስእሊ ትነግረሉ ዘሎ'ዩ። ቀላጽሙ ዝዓቕመን በትሪ ጨቢጡን ኣሎ። ንምንታይ ክንድዚ ዝኣክል በትሪ ሓዚ ኣሎ ብዚዮዳ ተባሂሉ ብጉሃሑ ኣደልዲሉ ቀሪሱ ይኸውን። ከምቲ "ቈልዓ ከብዱ እንተመሊኡ ብዘኾነ ሕማም ኣይጥቃዕን" ተባሂሉ ዝእመን፡ ኣደ እዚ ቈልዓ ዚ ተገዚባ ብጠሰምን ኣጀቦን ዝተዳለወ ፍትፍት ኣቐሪባቶ

ዝተመደበ ተጋዳላይ ድማ ኣብ ግዜ ኩነታት ብረትን ካሜራን ዘይተርፉ ዕጥቂ'የን። ንኣብነት ካሜራኡ ንስእሊ ምእንቲ ክትጥዕም ወትሩ ኣብ ደረቱ ምስ ተንጠልጠለት'ያ። እዚ ምስ ኣመዓራረያ ድማ'ዩ በቲ ሓደ ይትኩስ በቲ ካልእ ድማ ነብሪ ሰኒድ ይሰንድ። ከምዚ ዓይነት ኣብ ሓደ ግዜ ድርብ ስራሕ ዝዓምም ሰብ፡ ኣብ ሕብረተሰብና ተውለ ተባሂሉ'ዩ ዝጽዋዕ። ተውለ ንኸናት፡ ተውለ ንሰነዳ - ተውለ ክዕመም ዝለዎ ኩሉ ንጥፈታት ሰውራ።

እዚ ብፍላይ ኣብ ደረቕ ስእሊ ዝነበረ ዕማም ይኹን'ምበር ብሓፈሻ ኩሉ ተጋዳላይ ዘዘውትሮ ዕማም'ዩ ዝሰልጥ ነይሩ። ተጋዳላይ ካብ ምስሓብ ቃታ ዋላ እንተቋረጸ ጉልበታዊ ዕረፍቲ ዝበሃል ግን ኣይነበሮን። ነታ ዝረኸብ ሓጻር ናይ ቋሕ ስም ሩፍታ'ውን ብሰሪ ከናት ተወዚፎም ናብ ዝነበሩ ዕማማት'ዩ ዘዋፍራ።

ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልስና ማእለያ ዘይብሎም ኣሳእል ተሰኒዶም ኣለው። ከም ወጽኢቱ ድማ እዚ ኣርእስተይ ኮይኑ ዘሎ ቈልዓን ካልኦት ኣብ ሃገራዊ ባጤራና ዝርከቡ ኣሳእል ክጥቀሱ ይኽእሉ። እዚም ኣብ ባጤራ ናቕፋ ዝርከቡ ንኽብርን ሓበንን ኤርትራን ህዝባን ወኪሎም ዘለው ኣሳእል፡ ንዝኽሪ ክኾኑ ተባሂሎም ኣብ ዝተፈላለየ ቦታን ኣጋጣሚታትን ዝተሳእሉ'የም። እምበር ድሕሪ ነጻነት ኣብ ዝወጸእ ባጤራና ክሕተሙ ተባሂሎም ብፍሉይ ዝተሳእሉ ወይ ዝተሰኑ ኣይኮኑን። ተመናዩ ግና ሰናይ ትምኒቱ ኣይሰኣነን። እንሆ ድማ ኣብ መዓላ ወዓሎምን ኣብቲ ታውያን ኮይኖምን። ወድሓንኩም!



ኩርናዕ ካርቱን



# ምልክታ

ዳህብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ቢንያም ሃብተ ኣርኣያ ምባል ተሪፉ፡ ቢንያም ሃብታይ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/13 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 7ይ መጋባኣያ ይቕረብ።

ሄለን ኣባይ ነጋሲ ምባል ተሪፉ፡ ሄለን ኣላይ ነጋሲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/13 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 11 መጋባኣያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ኣበባ ዘሚካኤል ሃይለሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ሓይልኣብ በርሀ ወልደኪዳን ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቂ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/7/13 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ወቓርቲ


ኣቶ ዓይነኣለም እምሃን ወ/ሮ ቀዲሽ ገብረመድህንን ጓልና ጺጋ ዓይነኣለም ስለዝሞተት፡ ወረስታ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/13 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ማሕበር ኤርትራውያን ሙዚቀኛታት

ማሕበር ኤርትራውያን ሙዚቀኛታት ንኣባላቱ ሓጺር ናይ ሙዚቃ ኮርስ ክህብ መዲቡ ስለዘሎ፡ ኩሉኹም ግዱሳት ኣብቲ ሞያ ብንጥፈት ትዋሰኡ ዘለኹም ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 28 ሰነ 2013 ናይ ኣባልነት ካርድኹም ሒዝኩም ካብ ሰዓት 9፡00 ቅ/ቀ ክሳብ 12፡00 (ፋዱስ) ኣብ ቤት ጽሕፈት ማ.ኤ.ሙ ብኣካል ቀሪብኩም ክትምዝገቡ ንሕብር።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቁ.ቴሌ 121692 ተወከሱ።

ቤ/ጽ ማ.ኤ.ሙ


## ንበስራት ካብ ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ "ማክታ"

ክረምታዊ ምዝገባ ናይ ዓመት 2013 ንሓደስቲ ተመሃሮ ኣብዞም ዝስዕቡ ዓይነት ትምህርቲ ጀሚሩ ኣሎ።

- ኣብ ናይ ሙዚቃ መሳርሒታት፦ (ኦርጋን፡ ጊታር፡ ቫዮሊን፡ ሳክሰፎን)
- ትልሂት (ሳልሳ፡ ቻቻ፡ ባቻታ፡ መሪንጌ
- ቅብኣ (ስእሊ) ከምኡ'ውን ድራማ

ስለዚ እዚ ብክልሰ ሓሳብን ግብርን ተሰንዩ ዚወሃብ ትምህርቲ ካብ 02 ሓምለ 2013 ክጅምር ምዃኑ እናሓበርና።

ግዱሳት ቅድሚኡ ዘሎ ግዜ ኣብ ዝስዕብ ኣድራሻና መጺእኩም ክትምዝገቡ ቤት ትምህርትና ይዕድም።

ኣድራሻና፡
ገዛ ባንዳ ልዕሊ ማይ ጃሕ-ጃሕ
ልዕሊ ሃኒ ካፊ እዩ።
ንዝያዳ ሓበሬታ ቴሌፎን 07278892




## ማሕታ

### ማእከል ሞያዊ ስልጠና ኤለክትሮኒክስ

ሞያዊ ተሞክሮ ብዘለዎም መሃንድሳት መማህራን፣ ብዘመናዊ መሳርሒታት፣ ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን፣ በዞም ዝስዕቡ ሞያታት ክረምታዊ ስልጠና ንምሃብ ሓድሽ ምዝገባ ጀሚሩ ከምዘሎ ብሓጎስ የበስር።

1. ELECTRONICS 2. ELECTRICITY
2. MOBILE TELEPHONE

ንዝርዝር ሓበሬታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱና።

ኮርስ ዝጅመረሉ ዕለት 01/07/2013

ኣድራሻና፡- ፊት ጃሊያ ኣውቶቡስ ቑጽሪ 9 ደው ትብለሉ ፣ጎደና ሰገነይቲ ቑ፣ገ፡ 112፣

MOBILE: -07132007 Tel:- 08200356

## ኮም ቴክ ሲስተምስ

መቐጸልታ ናይቲ ክገብሮ ዝጸንሐ ሞያዊ ስልጠና ኤለክትሮኒክስ ልዑል ሞያዊ ተሞክሮ ብዘለዎም መሃንደሳት (Engineers) መምህራን ብርትዓዊ ክፍሊት ኣብ ሓጺር እዋን ዝጅምር ክላስ ምዝገባ ከም ዝጀመርና ብሓጎስ ንሕብር።

### እንሆ ስልጠና

* ጽገና ሓፈሻዊ ኤሌክትሮኒክስ ቲቪ፡ሬድዮ፡ረሲቨር፡ዲቪዲ ብምዕቡል ዘመናዊ መሳርሒታት
* ጽገና ሞባይል ተሌፎን (ሃርድዌር + ሶፍትዌር)
* ምዝርጋሕ መስመር ኤለክትሪክ ኣብ ህንጻታት

N.B ሓደ ዓይነት ኮርስ ዝተማህረ ሳትላይት ድሽ ምትካልን መደብ ምትሓዝን ብናጻ ይምሃር።

ኣድራሻና

ጎደና ማትኣ (ሪጋ ሲነማ ዳንተ) ቁ.ገዛ 33
ቴለ 110060/07120002

ብልጫና ንምርኣይ ምጹና ምርኣይ ምእማን'ዩ!


## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ሚ/ሪ ጥዕና ንነርሲን ኣገልግሎት ዲቪጅን (Nursing service Division) ፡ ኣገልግሎት ዝውዕል፡

1. Uniform for nurses and for supportive staff different size and color,
2. Plastic shoe (stibaloni) boot,
3. Plastic containers for waste disposal of 90, 30, 25 liters. ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ተወዳደርቲ ይዕድም።

ተወዳደርቲ ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት

1. ተወዳደርቲ ናይ 2012 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ክቕርቡ ይግባእ።
2. ተወዳደርቲ መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 10,000.00 ብሲፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ።
3. ምልክታ ጨረታ ክሳብ 01/07/2013 ሰዓት 5፡00 ድ/ቀ ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ 02/07/2013 ሰዓት 9፡00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ሪ ጥዕና ቁ.36 ይኽፈት።
4. ዝርዝር መግለጽን ሓበሬታን ካብ ቤት ጽሕፈት ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ሪ ጥዕና ምውሳድ ይከኣል ወይ ብቁጽሪ ቴሌፎን 125312/202928 ብምድዋል ሓብሬታ ውሰዱ።
5. ቤት ጽሕፈትና (ሚ/ሪ ጥዕና) ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብኽፊል ወይ ብምሉእ ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።


ሚኒስትሪ ጥዕና

# ምስጋና



ብሞት ክቡር ዘፍቅሮ ኣቦና ኣቶ ኣስፍሃ ቀሺ ፍስሃየ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝተመላለስኩምን ኣብ ግዜ ዕረፍቱ ክሳብ ገደለ ብምኻድ ዘቃበርኩሙናን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ካብ ደገን ውሽጥን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩሙና ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ህድኣት ፍትዊ
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራ-ቤትን



ብሞት ኣዚየ እንፍቅሮ በዓል ቤተይ ጲጋይ ኣስፍሃ ሃይሉ፣ ዝተሰማዓኒ ሓዘን እናገለጽኩ፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝበጻሕክምዎ ሬሳ ኣብ ምፍናው ዝተሓባበርኩሙና ኩሉኹም ፈተውቱን ቆንስላዊ ጉዳያትን ማሕበረኮም ተቐማጦ ኑርንበርግን ኤርላንድንን ከባቢኣን ጀርመን ከምኡ'ውን ክበርቲ ኣስመራ ሬሳ ኣብ ምቕባልን ምፍናውን ምቕባር ኣብ ዓዲ በጊዕ፡ ኣብ ሓዘንና ብኣካል ይኹን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩሙና ቤተሰብን ፈተውትን እናመስገንና ሓዘንና ንዓጹ።

በዓልቲ ቤቱ ግደይ ሓደራ
ምስ ደቁን ስድራ-ቤትን



ብሃንደበታዊ ዕረፍቲ በዓል ቤተይ ኣቶ ሞገስ ዘርኣብሩኽ፡ ዝተሰማዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ክሳብ ጸሓፍላም ን/ዞባ ሰረጀቓ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩሙናን ቤተሰብን ፈተውትን የዕሩኽቱን መሳርሕቱን ኣባላት ክፍሊ ትሕቲ ቅርጻዊ ኣገልግሎት ቤት መዝገብ ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ዝኾንኩምን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ ኣለማሽ ገብረመድህን፡ ወላዲቱ ለተዝጊ ሃብተማሪያም፡
የሕዋቱ ሩት ዘርኣብሩኽ፡ ኣኽሊሉ ዘርኣብሩኽ
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብድንገታዊ ሞት በዓል ቤተይ ኣቶ ገብረመድህን ሚኪኤል፡ ዝተሰማዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ክሳብ ዓዲባዕከል ሓደግቲ ብምኻድ ዘቃበርኩሙናን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብምድዋል ዘጸናናዕኩሙናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ዘውዲቱ ጉልበት
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራ-ቤትን



ብሞት ኣዚና እነፍቅራ ወላዲትና ወ/ሮ ዘውዲ ፍስሓጽዮን ካሕሳይ፡ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ሰምበል ሆስፒታል ንዝተኸናኸንኩምዋ ሓካይምን ነርሳትን ኣብ ግዜ ሕማማን ዕረፍታን ዝተመላለስኩም ክሳብ በራኽ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኬድኩም ዘቃበርኩሙናን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ከምኡ'ውን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩሙናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብምኽንያት ሞት ክቡር በዓል ቤተይ ኣቶ ክፍላይ ሳህለ ተማኑ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ መካነ መቓብር ቤት ገርግሽ ብምኻድ ዘቃበርኩሙናን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ኮነ ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ዘጸናናዕኩሙናን ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።

በዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ልዑል ጎይትኦም
ምስ ደቆምን ምሉኣት ስድራ-ቤትን



ብሃንደበታዊ ሞት ፍቕርቲ ጓልና ልዋም ወልዳይ (ጓል ሃንስ) ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ንኹሎም ኣብ ግዜ ዕረፍታ ኣብ ገዛና ሸወደን ይኹን ኣብ ጊንዳዕ እናተመላለስኩም ዘጸናናዕኩምና፡ ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብራ ኣብ መካነ መቓብር ሶልና ስቶክሆልም ብኣካል ዝተረኽብኩምን ኣብ ጊንዳዕ ዘልቀስኩምን ብጉልበት ይኹን ብገንዘብ ዝተሓጋገዝኩምን ብቴሌፎንን ካልእ ዘጸናናዕኩሙና ኩሉኹም ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ኣቡኣ ሰለሙን (ወዲ ሃንስ) ምስ ኣደኣ ሰንበቱ ወልዳይ
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብሞት እነፍቅራን እነኽብራን ኣደና ወ/ሮ ርሻን ሃይለ ዑጉብ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ እዋን ሕማማ ዝበጻሕኩማ ብሞት ምስተፈለየት'ውን ክሳብ ዓዲተከሌዛን ብምኻድ ዘቃበርኩሙና ካብ ውሽጢ ይኹን ወጻኢ ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩሙና ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብሞት ኣዝየ ዘፍቅራን ዘኽብራን በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ለተሃይማኖት ሃብተጼን፡ ዝተሰማዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ኣብ ሆስፒታል ሰምበልን ኣብ ገዛን ዝተመላለስኩም፡ ናብ ደቁጽንዓ ብምኻድ ዘቃበርኩሙናን ካብ ወጻኢ ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩሙናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

በዓል ቤታ ኣቶ ጲጋይ ተኽለ
ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብመስዋእቲ ዘፍቅራ በዓልቲ ቤተይ ተጋዳሊት ጸሃይ ፍስሃየ (ጓል ፖሊስ)፡ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ይኹን መስዋእታ ዝተሓባበርኩም ከምኡ'ውን ካብ ሱዳን ሬሳ ኣብ ምልኣኽ ዝተሳተፍኩም ኤምባሲ ኤርትራን ኤርትራውያን ተቐመጥቲ ሱዳንን ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ከረን ዘቃበርኩሙናን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ይኹን ብኣካል ኣብ ገዛና እናተመላለስኩም ዘጸናናዕኩሙና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

በዓል ቤታ ተጋዳላይ ግርማይ ቦኽረጽዮን (ቸሩ)
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራ-ቤትን



ብሞት ክብርቲ ኣደና ወ/ሮ ምሕረት ኪዳነ፡ በዓልቲ ቤቶም ንነፍስሄር መስፍን ኪዳነ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝተመላለስኩምን ከምኡ'ውን ክሳብ ሃዘጋ ብምኻድ ዘቃበርኩሙና ቤተሰብን ፈተውትን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩሙና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት



ብሞት ሓፍትናን ጓልናን ዕድላ ካሕሳይ ረዳ፡ ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ገዛ ብምምልላስን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩሙና ከምኡ'ውን ኣብ ጸጸራት ዘቃበርኩሙናን ፈተውትን ኣዝማድን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልናን ሓዘንና ንዓጹ።

ስድራቤት ከሕሸን ኣድሓኖም



ብምኽንያት ዕረፍቲ ፊተውራሪ ተወልደ ተድላ ሃብተማርያም፡ ዘቃበርኩምናን ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንሕብር።

በዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ለምለም ብርሃነ
ምስ ደቀን



ብሞት እንፈትዎን እነኽብሮን ክቡር ኣቦና ኮሎ/ፍቓዱ ተኽሉ፡ ዝተሰማዓና ሓዘን እናገለጽና፡ ኣብ ግዜ ሕማሙ ዝተመላለስኩሙና ኣብ ከተማ ከረን ዘቃበርኩሙናን ኣብ ገዛና ብምምልላስ ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩሙናን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዝዓጸና ንገልጽ።

ኣቶ ሙሉጌታ ኮሎ/ፍቓዱ ተኽሉ
ምስ ደቆምን ምሉኣት ስድራ-ቤትን

# ንፍልጦ

ሃብቶም ጸጋይ

## ዝነውሑ ኣፍላግ ዓለም

ፈለግ ኒል፡
ኣብ ዓለም ዝነውሐ ፈለግ "ኒል ዶ ኣማዞን" ዝብል ጉዳይ፡ ኣብ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ብሰፊሑ ክትትዕ ጸኒሑ'ዩ። ብልምዲ ግና እቲ ኣብ ኣፍሪቃ ዝርከብ ፈለግ ኒል ብንውሓቱ ኣብ ዓለም ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዑ ከም ዝርከብ'ዩ ዝእመነሉ። ክሉብ ሰሜናዊ ጫፍ ኣፍሪቃ ዝሰንጥቕ ፈለግ ኒል፡ እቲ ዝነውሐ ሽንኹ ካብ ከባቢ ዩጋንዳ ዝቕል ኮይኑ (ዋይት ናይል ምዃኑ'ዩ)፡ ንሱዳንን ግብጽን ብምስንጣቕ ናብ ማእከላይ ባሕሪ ዘጽንበር ልዕሊ 5,584 ኪ.ሜ ዝርግሐ ክህልዎ እንከሎ፡ ብሸነኽ ደቡብ ንብሩንዲ ዘቐንዕ ፈለግ ኒል ብዝወሰኽ ናይ ልዕሊ 6,695 ኪ.ሜ ንውሓት ኣለዎ። ብመሰረት ዊኪፔድያ ዝተባህለ ኢንሳይክሎፒድያ፡ እተን ኣብ ክሊ ማይ ክዮ ፈለግ ኒል ዝርከባ ሃገራት 11 ኢየን። ንሳተን ድማ ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ግብጺ፡ ኬንያ፡ ኤርትራ፡ ዩጋንዳ፡ ታንዛንያ፡ ርዋንዳ፡ ብሩንዲ፡ ዲ.ር. ኮንጎን ደቡብ ሱዳንን'የን።





ፈለግ ኣማዞን
- ኣብ ደቡብ ኣመሪካ ዝርከብ ፈለግ ኣማዞን ዝበዝሐ ክፋሉ ኣብ ብራዚል ኮይኑ፡ ብንውሓቱ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ይስራዕ። ልዕሊ 6,400 ኪ.ሜ. ንውሓት ዘለዎ ፈለግ ኣማዞን ብትሕዝቶ መጠን ማይ ካብ ፈለግ ኒል ዝበልጽ ክኸውን እንከሎ ህላወኡን ዝርጋሐኡን ኣብ ብራዚል ከይተሓጽረ ንሃገራት ፔሩ፡ ኤኳዶር፡ ቦሊቭያን ቬንዙዌላን የጠቓልል።

ፈለግ ያንግዘ
- ንኣህጉር ኢስያ ምንጪ ትሕዝቶ ቱሪዝም ዝኾኑ ፈለግ ያንግዘ ኣብ ቻይና ዝርከብ ክኸውን ከሎ፡ ልዕሊ 6,300 ኪ.ሜ ንውሓት ድማ ኣለዎ። ንቻይና ከም ቀንዲ ማእከል ሕርሻዊ ንጥፈታት ብምዃን ዘገልግል ፈለግ ያንግዘ ብስፍሓቱ ኣብ ኣህጉር ኢስያ ናይ ቀዳማይ ስፍራ ክሕዝ እንከሎ ኣብ ዝርዝር ደረጃ ዓለም ድማ ናይ ሳልሳይ ክብሪ ይረክብ።

ፈለግ ሚሲሲፒ
- ብስፍሓቱ ኣብ መላእ ሰሜን ኣመሪካ መወዳድርቲ ኣልቦ ዝኾነ ፈለግ ሚሲሲፒ፡ ጠቕላላ ንውሓቱ 5970 ኪ.ሜ ኣብሉ ይብጽሕ። ኣብ ማእከላይ ግዝኣት ኣመሪካ ዝርከብ ፈለግ ሚሲሲፒ ኣብ ኣህጉር ሰሜን ኣመሪካ ዘለዎ ጽልዋ ዓቢን ዕዙዝን እዩ። ብዘይካ እዞም ዝተጠቕሱ ኣብ ነፍሲወከፍ ኣህጉር ብዕበዩቶም ስሙያት ዝኾኑ፡ ብርክት ዝበሉ ሰፋሕትን ዓበይትን ኣፍላግ ይርከቡ። ብንውሓቶም ኣብ ዓለም ቀዳሞት 10 ዝኾኑ ኣፍላግ እዞም ዝስዕቡ'ዮም።

1. ፈለግ ኒል - 6695 ኪ.ሜ (ኣፍሪቃ)
2. ፈለግ ኣማዞን- 6400 ኪ.ሜ (ደቡብ ኣሜሪካ)
3. ፈለግ ያንግዜ- 6300 ኪ.ሜ (ኢስያ)
4. ፈለግ ሚሲሲፒ- 5970 ኪ.ሜ (ሰሜን ኣሜሪካ)
5. ፈለግ የሊሰይ ኣንጋራ- 5550 ( ኢስያ)
6. ፈለግ ህዋንግ ሄ (ፈለግ ብጫ)- 5464 (ኢስያ)
7. ፈለግ ኦብ ኣይርትሽ- 5410 ኪ.ሜ (ኢስያ)
8. ፈለግ ሪዮ ፓራና- 4500 ኪ.ሜ (ደቡብ ኣሜሪካ)
9. ፈለግ ሸልካ- 4416 ኪ.ሜ (ኢስያ)
10. ፈለግ ሌና -4400 ኪ.ሜ (ኢስያ)

# ታይሮይድ



ታይሮይድ ኣብ ዝተሓተ ክፋል ክሳድ ኣብ ትሕቲ ፍረ-ኣዳም ዝርከብ ጽኪ እዩ። እዚ ጽኪ ቲ3ን ቲ4ን ዝብሃሉ ቀንዲ ሆርሞናት ዘፍሪ ኮይኑ፡ ብመንገዲ ደም ኣቢሎም ድማ ናብ መላእ ኣካላት ብምዝውዋር መጠን ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኣካላት - ከም ቅልጣፈ ምቅጻል ካሎሪንን ቅልጣፈ ህርመት ልብን ይቆጻጸሩ። ብትኽክል ዝሰርሕ ጽኪ ታይሮይድ ሚታቦልነት (ኣብ ኣካላት ዝትግበሩ ንጥፈታት) ሰብነት ካብ መጠን ንላዕሊ ብዘይ ቕልጥፍ ወይ ብዘይድንጉ ኣገባብ ንኽሰርሕ ዘድልዮ ቅኑዕ ዓቐን ሆርሞን ዘፍሪ እዩ። ገለ ዘይስሩዕነት ስርዓታት ሰብነት ንጽኪ ታይሮይድ ሰብነትና ካብ ዘድልዮ ንላዕሊ ወይ ንታሕቲ ዓቐን ሆርሞናት ከምዘንዝዕ ይገብሩ። ሓደ ካብዞም ዘይስሩዕነት ከኣ ብያነ ሰብነት ጽኪ ታይሮይድ ከነቓቕሕ እንከሎ ዝኽሰት እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ጽኪ ታይሮይድ ኣዝዩ ብዙሕ ወይ'ውን ብኣንጻሩ ኣዝዩ ውሑድ ዓቐን ሆርሞናት ከምዘፍሪ ይኸውን።

ምልክታት ልዑል ነዝዒ ታይሮይድ ሆርሞን ቀስ ኢሎም ስለዝግሃዱ ኣብ መጀመርታ ግሉጻት ዘይክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ምስ ግዜ ግን ቅልጣፈ ዝወሰኸ ኣካላዊ ንጥፈታት (ሚታቦልነት) ዝተፈላለየ ምልክታት ከንጸባርቕ ይኽእል። ገለ ካብቲ ዘንጸባርቖም ምልክታት፡

- ምጉድል ክብደት ሰብነት
- ካብ ንቡር ዓቐን ንላዕሊ መግቢ ምውሳድ
- ዘይስሩዕ ህርመት ልቢ
- ሕርቃን
- ናይ ድቃስ ጸገም
- ዘየቋርጽ ረሃጽ
- ብተደጋጋሚ ምሻን

መብዛሕትኡ ግዜ ትሑት ነዝዒ ታይሮይድ ሆርሞን ዘጋጥም ስርዓት ብያነ ሰብነትና ብጌጋ ንጽኪ ታይሮይድ ከጥቅዕ እንከሎ እዩ። እዚ መጥቃዕቲ ንጽኪ ታይሮይድ ብምዕናው እኹል ሆርሞናት ከምዘየፍሪ ይገብር። ሕክምናዊ ክንክን ልዑል ነዝዒ ታይሮይድ ሆርሞን ሰጋዊ ክንክን ዝተወሰኑ ዓይነታት መንሸሮ ሕክምናዊ ምእላይ ጽኪ ታይሮይድ'ውን ትሑት ነዝዒ ታይሮይድ ሆርሞን ከስዕቡ ይኽእል።

ምውሳኽ ክብደት ሰብነት፡ ቀጻሊ ድርቀት፡ ቃንዛ ኣብ መላግቦን ጭዋዳታትን፡ ከቢድ ስምዒት ድኻምን ዝጸምለወ ቆርበት ሰብነትን ገለ ካብቶም ጊዜያዊ ዝርኣዩ ምልክታት ትሑት ነዝዒ ታይሮይድ ሆርሞን እዮም። ብዘይካ'ዚ ትሑት ነዝዒ ታይሮይድ ዘለዎም ሰባት ንሓደጋ ሕማም ልቢ ዘቃልዕ ንህላወ ኮሌስትሮል ኣብ ኣካላትና ዘዛይድ ባእታ ይፈጥር እዩ።

ልዑል ወይ ትሑት ነዝዒ ታይሮይድ ሆርሞን ብዘቤታዊ ክንክን ክፍወስ ዘይክእል ሕማም ኮይኑ ብሕክምናዊ ኣገባብ ንምፍዋሱ ግን ዘድሊ መሳርሒታት ብምጥቃም ክልለን ብዝተፈላለየ መድሃኒታት ክፍወስን ይኽእል እዩ።

- ራድዮ ኣዮዲን - እዚ ሓደ ካብ ልሙዳት ዓይነት ሕክምናዊ ክንክን ኮይኑ፡ ነቶም ታይሮይድ ሆርሞናት ዘፍርዩ ዋህዮታት ፈጺሙ ዘዕኑ እዩ።
- መጥባሕቲ - እዚ ድማ ንዝዓበየ ካልእ ጽኪ ብመጥባሕቲ ንምእላይ ዝግበር ኣገባብ የጠቓልል።
- መድሃኒት ጸረ-ታይሮይድን ዓንትቲ ቤታን - እዞም ዝተጠቕሱ መድሃኒታት ንሓደስቲ ሆርሞናት ኣብ ምፍራይ ታይሮይድ ዝገትኡን ንጽልዋ ታይሮይድ ኣብ ሰብነትና ዝቆጻጸሩን እዮም።

## ትፈልጡዶ

ዓንደም ጸጋይ

- ኣብ ጥንታዊት ሮማ ሊላ ዝሕብሩ ልብሲ (ክዳን) ንንጉስ ጥራይ ዝተሓዝአ ነበረ።
- ኣብ ዓለም ክሳብ ሎሚ ኣገልግሎት ካብ ዝሀቡ ዘለው ኣብያተ በሰጣ እቲ ዝነውሐ ዕድመ ዘለዎ ቤት በሰጣ ኣብ ሳንክቱር ዝተባህለት ቁሸት ናይ መታሕት ስኮትላንድ ዝርከብ ኮይኑ ካብ 1712 ኣትሒዙ ብዘይምቁራጽ የገልግል ኣሎ።
- ብናይ ምርኣይ ክእለቱ እቲ ዝደኸመ እንስሳ ኣድጊ'ዩ።
- ዓሳ ብዝበዝሒ ዘዘውትራ ነፍሰ ጾራት ዝወልዳኦም ቆልዑ ምስ ሰባት ዘለዎም ናይ ምርድዳእ ክእለት ልዑል'ዩ።
- ሾላ ኣብ ሰማይ ኮይኑ ኣብ መሬት ዝሎ ሓሰኻ ክርኢ ይኽእል።

## ሕቶ ንሓብሮም

1. ልዕሊ ፍርቂ ካብ ፍርያት ጡጥ ዓለም ተፍሪ ሃገር?
ሀ. ቻይና ለ. ኣመሪካ
ሐ. ኢጣልያ መ. ቱርኪ
2. ኣብ 1945 ብኣቶሚካዊ ቦምባታት ዝዓነዋ ከተማታት ጃፓን መን ይብሃላ?
3. እቲ ዛጊት ብንውሓቱ መወዳድርቲ ዘይተረኽቦ ኣብ ከተማ ዱባይ ተደኩኑ ዝርከብ ሰማይ ጠቀስ ህንጻ መን ይብሃል?
ሀ. ህንጻ ሸኽ ዛይድ ለ. ታይፐሀ-ታወር
ሐ. ህንጻ ቡርጃ ኸሊፋ መ. ቡርጃ ዛይን
4. ንዓይነ ስዉራን ንምጽሓፍ ኮነ ንምንባብ ዘኽእል ኣገባብ (ብረይል) መዓስን ብመንን ተማሂዙ?
5. ኣብ ታሪኽ ውድድራት ኦሎምፒክ ዝበዝሐ መዳልያ ዝተሸለመ ኣትሌት መን ይብሃል? ክንደይ መዳልያኸ ተሸሊሙ?

BRITISH COUNCIL | PREMIER LEAGUE

**PREMIER SKILLS**
LEARNING LANGUAGES AND CULTURES

**Football and English are two international languages that are understood all over the world. This Premier Skills story can help you with both of these world languages.**

**It doesn't matter if you're a football fanatic or you know nothing about the beautiful game – there will be something interesting here for you. There are 20 stories in the series – one for each Barclays Premier League club. Each story has activities written by English teachers to help you learn.**

# PART OF THE TEAM

Have you ever wondered how many people work for big sports clubs, like the English Premier League football teams? Everyone knows about the players and the manager, but what other jobs do people do there?



## Who are Wolverhampton Wanderers?

You might think that Wolverhampton Wanderers are newcomers to the top league of professional football in England. But in fact Wolves are one of the oldest clubs in the Premier League (they were founded over 130 years ago!) and have a history of success, winning the league three times in the nineteen fifties. This successful history has been built on more than just good players. A successful team has to have a competent staff. Let's meet some of the staff of Wolverhampton Wanderers Football Club, and find out about the work they do.

## Dave Bowman, Chief Scout

Dave's job is to go out and find new players to join Wolves. He and the other scouts go and see a game somewhere in Europe almost every weekend. This year, Dave and his team have brought in nine new players, including Serbian international Nenad Milijas, who joined Wolves from Red Star Belgrade.

## Steve Kemp, Medical Head

Steve, who has three university degrees, does a medical examination of all of Wolves' new players. The examination takes up to two days. Steve analyses videos of the players walking, running and jumping. This helps him to find signs of any problems or injuries.

## Alan Peacham, Club Physiotherapist

Feet are very important to footballers, who often get foot injuries. It's Alan's job to reduce the risk of this. And he's very proud of Wolves' new piece of kit, called 'metasox'. These are socks for the players, with a piece of silicon on the top of the foot. This protects the players' feet. Alan hopes that the 'metasox' will reduce the number of injuries.

## James Lovell, Match Analyst

Many people would say that James has got the best job in the world. Part of his role is to watch hours and hours of footage of the players. This comes from the cameras in the stadium. Using a computer programme called Prozone, James then analyses the movements of all the players on the pitch. This shows him, for example, how fast the players ran, or how far the ball was kicked. Wolves' coaches then use this information in their training.

## Trevor Wynne, Kit Manager

Trevor's previous job was driver of the team's coach. Now he is responsible for getting the players' kit ready, including the bright gold shirts Wolves wear for their home games. He also prepares the kit for training, as well as away games.

## Wolverhampton Wanderers




Established: 1877
Home: Molineux
Capacity: 28,525
Nickname: Wolves
Colours: Gold and black

### ACTIVITY 1

**What do you think?**

Do you think all these jobs are equally important?

Which jobs would you prefer to do yourself?

E-mail us and let us know: premierskills@britishcouncil.org

### ACTIVITY 2

Read again the article about Dave, Steve, Alan, James and Trevor.

**Who...**

**a** ... has studied a lot?
**b** ... travels a lot in his job?
**c** ... uses a computer for his job?
**d** ... had a different job with Wolves before?
**e** ... works with new players? (two answers)

### ACTIVITY 3

Look at the underlined words in the text. What do they mean? Tick **i** or **ii**.

**a** scout — **i** a person who looks for new players / **ii** a person who trains players
**b** analyses — **i** sells on the Internet / **ii** watches and tries to understand
**c** risk — **i** danger / **ii** pain
**d** footage — **i** football boots / **ii** film
**e** kit — **i** clothes and equipment used by sportspeople / **ii** football pitch

### ACTIVITY 4

**Find out more.**

Go to the official website of your favourite Barclays Premier League club.

Look around the site and see if you can make a list of all the different types of people who are working for the club.

## YOU ARE THE REF

by Keith Hackett and Paul Trevillion





A goalkeeper is off his line and gets his hands to a powerful shot. But the ball balloons up and looks like it will drop over the bar for a corner. So the keeper runs back, jumps, and manages to get a hand through the roof of the net to tip the ball forward so he can complete the catch. The ball didn't cross the line.

Do you intervene?

No - play on. The ball didn't cross the line, and the keeper has used his hand to block it. However, if, for example, you'd seen that the keeper had actually pushed the net up to block the ball, that would have been considered use of an 'outside agent'. In that situation, you'd award a dropped ball on the 6-yard line.

**KEY**

Activity 2
a Steve
b Dave
c James
d Trevor
e Dave and Steve

Activity 3
a i
b ii
c i
d ii
e i


Visit **www.britishcouncil.org/learnenglish** for more English language learning activities

© British Council / Premier Skills 2011

# ኣብ ዝግትን

ነጃት ኣደም

## ብኸመይ ብሉጻት ዓርኩ-መሓዛ ንኸውን




ንገዛእ-ርእስና ንፍተ(ነፍቅር)፦ እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ምስ ካልኦት ሰባት ኣብ እንምስርቶ ብሉጽ ምሕዝነት፡ ምስ ገዛእ ርእስና ክንመሓዞ'ዩ። ቅድም ቀዳድም ንገዛእ ርስና ክነፍቅርን ክንፈቱን ኣለና። ሽዑ ጥራይ ድማ ኢና ብኻልኦት ክንፍቀር እንጅምር። ኣብ ምስልና እነጥፍኦ ግዜ ብዙሕ ስለዘይህልወና ድማ ንኻልኦት ዘወሃብ ብዙሕ ነገራት ይህልወና። ብሉጻት መሓዙት ድማ ንኸውን። ስለዚ ጉዕዞ ርእሰ-ምቕባል ናይ ህይወት ጉዕዞ ስለዝኾነ ብንእሽቶይ ስጉምታት ነማዕብሎ።

ተጠንቂቕና ንምረጽ፦ ኣብ ሞንጎ ክልተ(ካብኡ ንላዕልን) ሓቀኛታት ዓርኩ-መሓዙት ዝፍጠር ዝምድና ግዜን ጸዓትን ዝሓትት'ዩ። ምስ መን ጥቡቐን ጽቡቐን ምሕዝነት ክትምስርት ትኽእል ተጠንቂቕካ ምምራጽ ኣዝዩ ወሳኒ'ዩ። ኩሎም'ቶም እንፈልጦም ሰባት ኣብ ዝርዝር ከነእትዎም ኣይግባእን።

ግዜ ንፍጠሮ፦ ዓርኩ-መሓዙት ብብዙሕ መንገድታት ኣገደስቲ'ዮም። ስለዝኾኑ ድማ መብዘሕትኡ ግዜ እቶም ዝምድናታት ናይ ገዛእ ርእሶም ህይወት'ዮም ዘፈጥሩ። ብኽልቲኡ ወገን ድማ ነቲ ዘለኩም ዝምድና ቀዳምነታት ክትሰርዕሉ ይግባእ። ነሓድሕድኩም እትራኸቡሉን ብሉጽ ግዜ እተሕልፉሉን ፍሉይ ግዜን ኣጋጣሚን ድማ ስርዑ።

ነቲ ናይ መጀመርያ ስጉምቲ ባዕልና ንውሰዶ፦ ኣብዚ'ዩ እቲ ንመብዛሕትና ሽግር ዝኾነና። እንተደኣ ብሉጽ ምሕዝነት ክንምስርት ደሊና፡ ንናይ ንጽገት ፍርሕና ነወግዶ'ሞ ተበጊሶ ናይ ምውሳድ ዓቕምና ነዕብዮ። ንእንፈትዎም ኣዕሩኽ መሓዙትና ንምሳሕ ይኹን ድራር ንዓድሞም። ኣይትጠራጠሩ እታ ናይ መጀመርያ ስጉምቲ ባዕልኹም ወሰድዋ።

ወርቃዊ ሕጊ፦ ንኣዕሩኽ-መሓዙትና ልክዕ ብኸምቲ ክሕዙና እንደልዮም መንገዲ ገይርና ንሓዞም። ብኻልእ ኣዘራርባ "ምሕዝነት እንተደኣ ደሊኻ መሓዛ ኹን"። ካብ ዝግደሱልና፡ ንሕና ቅድም ግዱሳት ንኹን። ንምሕዝነት ህንጡያትን ሓያላትን ከምኡ'ውን ሕሜታ፡ ነቐፌታን ምዕዝምዛማትን ነወግድ።

ንኣሽቱ ነገራት ነቕልበሎም፦ ንዓርኩ-መሓዙትና ኑቲ ዝፍጸምዎ ነኣሽቱ ነገራት ኣቕሊብና ነመጒሶም ኣገዳሲነት ከምዝስመዖም ንግበር። ንቕዲ ጸገሮምን ኣኩዳድናኦምን ይኹን ካልኦት ደቀቕቲ ነገራት ነስተውዕሎም።

ንስማዕ፦ ንፋዓት ሰማዕቲ ምርካብ ቀሊል ኣይኮነን። ንኽእለትካን ሞያኻን ምኽባር ድማ ናይ ነዊሕ ግዜ ፕሮጀክት'ዩ። ስለዚ ንዝረባ ኣይንቀዳደም። ጽን ኢልና ናይ ምስማዕ ባህሪ ነጥሪ። ጽን ኢልና ንሰምዕ ምህላውና'ውን ብዮጉብሪ ነርኢ። ናይ ዓይኒ ምጥምማትን ርኽበን ነዘውትር። ሕቶታት ንሕተት። ብእንዝህቦም ምኽርን ማዕዳን ጥንቁቕ ንበል።

ተኣማኒ ንኹን፦ ኩሉና ወትሩ ኣብ ጎንና ዝኾነ ሰብ የድልየና'ዩ። ዓርኩ-መሓዙትና ኣንጻር ሕሜታን ጸለመን ክንጥምሙ እንተደኣ ዘይከኢሎም ኣፍና ከፊትና ንዛረብ። ንሶም'ውን ተመሳሳሊ ነገር ኣብ ልዕሌና ክፍጽሙ ከምዝኽእሉ ንፍለጥ።

ኣየናይ ኣደኩም'ዩ እቲ ዝሓየለ? ጽምጋይ ዲዩ የማናይ ወይስ ክልቲኡ? ብዝዕባ ኣእጋርኩም፡ ኣእዛንኩምን ዓይንኹምን'ከ? በሉ ኣየናይ ኣደኩም ሓያል ምዃኑ ንኽትፈልጡ፡ ዝስዕብ ፈተናታት እስኪ ሕለፍወን።

ክብ፦ ንኽልተ ኣእዳውኩም እናኣበራረኹም ብዙሕ ግዜ X እሞ ጹሓፉ፡ ኣብ ወሸጢ ክቢ ድማ ኣእትውወን። እምበኣርከስ ኑተን ክብታት ኣንጻር ዝሮት ሰዓት እንተደኣኳንኩም ሰኣልኩመን ዓኸሎት ኢኹም ማለት'ዩ። እዚ ግን እቲ ሓፈሻዊ መፈትሒ'ምበር፡ ብዙሓት ዓኸሎት ከም ሰዓት፡ ካልኦት የማናውያን'ውን ኣንጻር ሰዓት ከኽብቡ ዝምችኦም ክህልው ይኽእሉ'ዮም።

ዓብይዓብይቶ ኢድ፦ ክልቲኤን ዓብይዓብይቶ ኣእዳውኩም ኣውዳድርወን። ንሰረተን(ታሕተዋይ ክፋል) ድማ ተዓዘቡ። ኣየናይ ሰረት ዓብይ ዓብይቶኹም'ዩ ዝሰፍሐ፡ እታ ዝሰፍሐት እታ ዝሓየለት ኢደኩም'ያ። ጸጋመይቲ ኢድኩም እንተኾይና ድማ ዓኸሎት ኢኹም።

ጎድናዊ ትርኢት፦ ዝኾነ ምስሊ ገጽ ናይ ሰብ ዲዩ ናይ ካልእ ሰኣሉ፡ እቲ ዝሰኣልክዎ ጎድናዊ ቅርጺ፡ ናብ ጸጋም እንተጠሚቱ ዓኸሎት ኢኹም።

ካልእ ንጥፈታት፦ ካልእ እትገብርዎ ንጥፈታትኩም'ከ ብምንታይ ኢኹም እትፍጽምዎ? ብየማናይዶ ብጸጋማይ ኢደኩም? ክትጽሕፉ፡ ክትበልዑ፡ ክትምሽጡ፡

ምብላዑ ምፍላጥ'ዩ

ምብላዕ ፍልማዊ ስነ-ፍልጠት'ዩ። እቲ ፍልማዊ መጽናዕቲ ኣከባቢ'ውን ቈልዑ ልክዕ ከምቲ ፍልማዊ ቅርጺ ህይወት፡ ንክዉንነትን ጭቡጥነትን ነገራት ናብ ኣፎም ብምእታው ከም ዝመሃሩ'ዩ ዝነግር። እዚ ናይ ኣፍ ስነ-ፍልጠት'ምበኣር ዝርዝራት ኣይፈልጥን'ዩ። እዛ ዓለምና ወይ ምቅርቲ እያ ወይ መራር እያ፣ ወይ ምችእቲ'ያ ወይ ኣይኮነትን፣ ወይ ልምጽቲ'ያ ወይ ሓርፋፍ'ያ።

ናይ ኣፍ ፍልጠት ዶባት ኣካላትና የፍልጠናን ይምህረናን። ካብ ግዜ ህጻንነትና ኣትሒዝና ኣብ ኣፍና ዝተፈላለየ ነገራት እናእተና ክንመጽው ክንሕይኽን ኢና ንርኢ። ካብ ሓደ ወገን ጥራይ ኢና ድማ እነስተማቕሮ - ካብ ወገን ኣፍና። እዚ ናይ ኣፍ ፍልጠት'ምበኣር ዘይ ከም ዳሕረዋይ ትምህርታዊ ፍልጠት ንስግንጢርነት ተፈጥሮ ቀላሕታ ክንገብር ዝሕግዘና'ዩ።

ዘርኢ ወዲ ሰብ ብ ሆሞ ሳፒየንስ( Homo sapiens) እዩ ዝፍለጥ። ሳፒየንስ ማለት ድማ ብቛንቋ ላቲን ምፍላጥ ማለት'ዩ። ምፍላጥ ማለት ድማ እዚ ካብዚ ብኸምዚ ኣገባብ ይፍለን ይመሳሰልን እናበልካ ምልላይ'ዩ። ዌስቶን ላፓረ ዝተባህለ ክኢላ ስነ-ሰብ፡ ፍጡራት ፍልጠቶም ካብ ከባቢኦም'ዮም ዘረኽብዎ፡

ምድህሳስ እቲ ቀዳማይ ናይ ፍልቀታዊ ህዋስ'ዩ። ፍጡራት ንነገራት ብምድህሳስ እዮም ዘፈልጡዎምን ዘረጋግጽዎምን።

## ዓኸሎት ዲኸም?



ክትቀጥቅጡ ኮነ ክትሰንድዉ... ብጸጋም እንተኾይኑ ዝሰልጠኩም ዓኸሎት ምዃንኩም ድሮ ፈሊጥኩም ኣለኹም።

ሰራ'ኽ(ላቺ) ጫማ፦ ሰራ'ኽ ጫማኹም ክትኣስሩ እንከለኹም፡ እቲ ጸጋማይ ኣደኩም ሐዚዎ ዘሎ ገመድ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ የማናይ ኣደኩም ዘሎ ዲኹም እትኣስርዎ? ከምዚ እንተኾይኑ ሕጂ'ውን ዓኸሎት ኢኹም።

እንሓንሳብ ዓኸላይ ሰብ፡ ብጸጋማይ ኢዱ ዝጽሕፍ ዝበረ ብዙተፈላለዩ ጸቕጢ ሰባት ተጉዲዱ ብየማናይ ክጽሕፍ ይኽእል'ዩ። እንተኾነ ግን ከምቲ ዓኸላይ ኢድ፡ ዓኸላይ እዝኒ፡ ዓይኒ፡ እግሪ... ከምዝሎኸ ንፈልጥዶ ንኸውን? ዝኣምኑ፡ ከምቲ ናይ ኢድ፡ ኣጉዳድና በዚ ሰማዕ በዚ ኣይትርአ ክንብል ንኽእል'ዶ ማሰልኩም?

ኣብ ባህልና ክንበልዕ ክንጽሕፍ፡ ክንቕበል ኮነ ከቕብል...ኮታስ ብጸጋማይ ኢድና ዝኾነ ንጥፈታት ክንካይድ ቅቡል ኣይኮነን። እቶም ዓኸሎት ዝኾኑ ሰባት ድማ ከም ጎደሎ ተቖጺሮም፡ ግራይ፡ ኣብጋ፡ ዓኸሎት እናተባህሉ ክጽረፉን ክዝለፉን ንርኢ።

ወረ ኣብ ገለ ኣስ ዝኢ ከም ጸዩፍ ዝእመን ብጸጋማይ ኢደካ ምዕያይ ንኽበደፋዎ ወትሩ ዝቕጥቀጡ ህጻውንቲ ኣለው። ኣብ መላእ ዓለም ድማ እቶም የማናውያን ስለዝበዝሑ እዞም ዓኸላውያን ኣብ ዝኾነ ንጥፈታት ምስ ትዕድልቶም ዘይሳነ ሰራሕን መሳርሒታትን እናም ዝጥቀሙ። ንኣብነት ናይ ቤት ጽሕፈታት ጠዋሉ ንተዓዘቦም፡ እቶም ተሰሓብቲ ክብሒታት በየን ኣለዉ? ናይ ኮምፒዩተር መላገምከ? እዚ እናኾነ ግን እዞም ሰባት ልዕሊ እቶም የማናውያን ዝበለጸ ትዕድልቲ ኣለዎም እንተበልናኩምከ ምተገረምኩምዶ? ኣብ ሓደ ግዜ ብኽልቲ ኣእዳዎም ክልተ ዝተፈላለዩ ነገራት ክሰርሑ ይኽእሉ። ሓያል ናይ ምዙክር ክእለት ይውንኑ(ብፍላይ ኣብ ሰባት)። ሓያል ግድላት ናይ ምፍታሕ ተኽእሎ ኣለዎም፡ ኣብ ግዜ ጸገምን ሓደጋን ቀልጢፎም ናይ ምልምማድ ባህሪ ይውንኑ። ብዘቐለለ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ይኹን ኣንጻር ከንበቡን ክጽሕፉን ይኽእሉ። ከምኡ'ውን ሓያል ናይ ምስማዕ ክእለትን ናይ ሙቕሉብ ዓቕምን ኣለዎም።

ዓኸሎት ዝኾኑ ናይ ዓለምና ዓበይትን ህቡባትን ሰባት ምስ እንርኢ ድማ፡ ኦፕራ ዊንፍሪ፡ ሮበርት ደኒሮ፡ ሸርሊ ማክሊይን፡ ፐለ ፎረስት፡ ሰወዳር በል ግራሃም፡ ፊል ኮሊንስ፡ ጆርጅ ማይክል ወፒ ጎልድበርግ፡ ብሩስ ዊልስ ይርከብዎም። ካብ ዝሓለፉ'ውን በን ፍራንክሊን፡ ኣልበርት ሽወይዘር፡ ሄለን ከለር፡ ጆኣን ኦፍ ኣርክ፡ ሊዮናርዶ ዳ ቪንቺ፡ ጁልየስ ቄሳር፡ ጂሚ ሀንድሪክስ፡ ማርክ ትወይን፡ ናፖልዮን፡ ሰተቭ ማክ ክዊን ይርከብዎም።

## ዋዛታት

ሰብኣይ፦ ንዓይ ዲኺ ንመጀመርያ ግዜ ኣፍቂርኪ?
ሰበይቲ፦ እወ... እዋእ እንታይ ኢኹም ኩላትኩም ከምኡ ኢልኩም ትሓቱ።

***

1ይቲ ሰበይቲ፦ ብዝዕባ'ቲ ካብ ጡብ ሓርማዝ ንመዓልቲ 20 ሊትሮ ጸባ ዝጠቡ ሰሚዕኪ'ዶ?
2ይቲ ሰበይቲ፦ ኣቲ እንታይ ኢኺ ትብሊ? ክንደይ ዘደንቕ ነገር ደኣ'ዩ? ወዲ መን'ዩ'ኸ?
1ይቲ ሰበይቲ፦ ወዲ ሓርማዝ።

## ስግንጢር ሕቶታት

- ኣብ ኣውስትራልያ ዝርከቡ ሰባት፣ ኑተን ካልኦት ኣህጉራት፣ ኢዶም ንላዕሊ ዊጥ እናኣበሉ ዲዮም "እቶም ሰባት" ዝብሉና?
- ንዓሻ ሰብ፣ ሰብም ኣድጊ ክንብሎ ንኽእል'ዶ?
- ግዜ ምቕታል፣ ኣብ ልዕሊ ዘልኣለማዊውነት ጉድኣት የውርድ'ዶ?
- ከናፍርና ከይንቀሳቐሶ እናኸኣልና፣ ስለምንታይ'ዩ ንሊፕስቲክ( lipstick(መጣበቒ ከንፈር) ) ኢልና ንጽውዖ?
- ማይ ክዝርም እንከሎ ከዋኽቡቲ ይጥልቅዩ'ዶ?

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል
ergh@zena.gov.er

## ኣብርሃም ኣብ ሃምቡርግ በሪሁ



ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ከተማ ሃምቡርግ - ጀርመን ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ፍርቂ ማራቶን፡ ኤርትራዊ ኣትለት ኣብርሃም ገብረእግዚኣብሄር ቀዲሙ ኣብ መዛዘሚ ብምብጽሑ ዕውት ናይቲ ውድድር ኮይኑ።

ኣብቲ ሓያላት ኬንያውያን ኣትለታት ዝተሳተፍዎ ውድድር፡ ኣብርሃም ብሓደ ሰዓትን 3 ደቒቕን 39 ካልኢትን ነቲ 21 ኪሎ ሜተር ክዛዝሞ ብምኽኣሉ እዩ ኣብ መሸለሚ ቦታ ክድይብ በቒዑ።

ኣብ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ፡ ነብያት ሃብተማርያም ሓሙሻይቲ ወጺኣ።

ኣብ ካልእ ናይ ኣትለቲክስ ዜና፡ ኣብ ቦዝንያ ሀርዞጎቪንያ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ጽርግያ፡ ኤርትራዊት ኣትለት ለተኺዳን ሃይለማርያም ብ34:43 ደቒቕ ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ ድማ ኣትለት ሳምሶም ገዛኢ ብ29:23 ደቒቕ ካልኣይ ደረጃ ሒዙ። ኣብቲ ብያፍ ናይ ነሓስ ደረጃ ዝተወሃቦ ውድድር፡ ክሳብ 37 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ዝበጽሕ ሙቐት ከምዝነበረን ኣብ ክልቲኡ ጾታታት ድማ ኬንያውያንን ኢትዮጵያውያንን ኣትለታት ምስ ኤርትራውያን ሓያል ቅልስ ከምዘካየዱ መርበብ ሓበሬታ ያፍ የረድእ።

ንውድድር ደቂ ተባዕትዮ ኬንያዊ ሂላሪ ኪፕቼምባ ብ29:16 ክዕወተሉ እንከሎ፡ ቶሎሳ ጨንገሬ ካብ ኢትዮጵያ ድማ ብሳምሶም ተበሊጹ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ።

ለተኺዳን ንታንዛንያዊት ናሊ መሪን ሃንጋርያዊት ዚታ ካሰርን ኣስዒባ እያ ኣብ መዛዘሚ በጺሓ።

ዝሓለፈ ታሕሳስ ኣብ ሻንጋይ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ቀዳመይቲ ዝወጸት ለተኺዳን፡ ኣብቲ ኣብ ከተማ ብርኮ (ቦዝንያ ሀርዞጎቪንያ) ዝተኻየደ ውድድር ምዕዋታ፡ 'ቀዳመይቲ ኤርትራዊት ኣትለት ኣብ ብርኮ ዝተዓወተት' ተባሂላ ብፍሉይ ክትጽዋዕ በቒዓ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ንመበል 23 ግዜኡ ኣብ ፈረንሳ ኣብ ዝተኻየደ "Corrida internationale de Langueux" ውድድር ጽርግያ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር 'ጉያ ሰማእታት' ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘ ኣፈወርቂ ብርሃነ ራብዓይ ኮይኑ ውድድሩ ፈጺሙ። እቲ ኣትለት ንመዛዘሚ ሕንጻጽ ክረግጽ 28 ደቒቕን 25 ካልኢትን ወሲዱሉ። ብዘይካኡ፡ ዮናስ በርሀ ብ28:50 ዓስራይ ክወጽእ እንከሎ ዳዊት ወልደስላሰ ድማ መበል 11 ደረጃ ሒዙ።

** *** **

## ካብ ግጥማት ኮንፌደረሽን . . .



= ግጥማት ፍርቂ ፍጻመ ውድድር ኮንፌደረሽን 2013 ጽባሕ ክጅመር እዩ። ኣብቲ መድረኽ ካብ ዝቐረባ ጋንታታት እስጳኛን ኢጣልያን ድማ ድሕሪ ጽባሕ ዘካይዳኦ ግጥም ብኣጋኡ ኣቓልቦ ብዙሓት ኣፍቀርቲ ኵዕሶ እግሪ ስሒቡ ይርከብ። ኣብቲ ግጥም ኢጣልያ ንኣጥቃዒኣ ማርዮ ባሎተሊ ከምእተኸስሮ ኣፍሊጣ። ኣብ ጸጋማይ እግሩ ከቢድ ምጭብባጥ ጭዋዳ ዝገጠሞ ባሎተሊ፡ ንሓያለ መዓልታት ካብ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ክርሓቕ ከምዝኽእል ይግለጽ ኣሎ። ባሎተሊ ኣብ መጀመርታ ናይዚ ዓመት ካብ ማንቸስተር ሲቲ ናብ ሚላን ምስግጋሩ ይፍለጥ። ንሱ፡ ኣብ ግጥም ኮንፌደረሽን፡ ንኢጣልያ ክልተ ሸቶታት ኣቑጺሩላ ኣሎ። በዚ ድማ ንመስመር ምጥቃዕ ኢጣልያ ኣብ ቅድሚ ሻምፕዮን ዓለምን ኤውሮጳን ዝኾኑ እስጳኛውያን ተጻወትቲ ክመርሕ ትጽቢት ተነቢሩሉ ነይሩ። እንተኾነ . . . . ግን

= ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ኮንፌደረሽን፡ እስጳኛ ብልዑል ነጥቢ ናብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ብምብጽሓ ታሪኽ ሰሪሓ ኣላ። እታ ጉብለል ኵዕሶ እግሪ ዓለም ዝኾነት ጋንታ፡ ብሰንበት ንናይጀርያ 3ብ0 ረቲዓታ። በቲ ውጽኢት ድማ ኣብ 28 ተኸታታሊ ጸወታታት ብዘይ ዝኾነ ስዕረት ክትጓዓዝ ብምኽኣላ ሓድሽ ክብረ ወሰን ሒዛ ትርከብ። እዚ ማለት ፈፋ ካብ ዝሰርዖም ጸወታታት (ኣብ 2010 ዋንጫ ዓለም ብስዊዘርላንድ 1ብ0 ድሕሪ ምርታዓ) ሓንሳብ እውን ስዕረት ኣየመዝገበትን። ኣብ 24 ጸወታታት ዓወት ከተመዝግብ እንከላ፡ ኣብ ኣርባዕተ ግጥማት ድማ ማዕረ ተፈላልያ። ናይ ቅድም ክብረወሰን ብፈረንሳ እዩ ተታሒዙ ነይሩ። ካብ 1994 ክሳብ 1999 ኣብ ዝነበረ እዋን።

= ኣሰልጣኒ ኢጣልያ ሴዛር ፕራንደሊ፡ ብቐዳም ጋንታኡ ብብራዚል 4ብ2 ኣብ ዝተሳዕረትሉ ግጥም ንዝኸሰሮ ኣንድሬ ፒርሎ ኣብዚ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ብቑዕ ኮይኑ ብምህላው መጠናዊ ሩፍታ ተሰሚዕዎ ኣሎ። ብዘይካ ኢጣልያን እስጳኛን፡ ብራዚል ምስ ኡራጓይ ጽባሕ ኣብ ግጥም ፍርቂ ፍጻመ ክትጽመድ እያ።

** ** **

## እንታይ ከ ይብሃል ኣሎ?





= ኣጥቃዒ ናፖሊ - ኤዲሰን ካቫኒ፡ ቸልሲ እንተደኣ ጻውዒት ገይራትሉ፡ ዓይኑ ከምዘይሓሲ ሓቢሩ። ሓደ ካብቶም ብኣሰልጣኒ ቸልሲ ሞሪኖ ዓይኒ ዝወደቐሎም ተጻወትቲ ዝኾነ ካቫኒ፡ ትማሊ ምስ ጋዜጣ ደሎ ስፖርት ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕትት፡ "ቸልሲ ዓባይ ጋንታ እያ። ስለዚ ካብታ ክለብ ዝመጽእ ጻውዒት የወናውን እዩ። ምስ ዓበይቲ ክለባት ክጻወት ዘይደሊ ተጻዋታይ የለን። ብፍላይ ምስ ቸልሲን ሪያል ማድሪድን" ኢሉ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፕረዚደንት ክለብ ናፖሊ ላውረንቲስ፡ መጺኢ ናይቲ ተጻዋታይ 20 ሓምለ ክፍለጥ ምዃኑ ኣሚቱ።

=ጀርመናዊት ክለብ ሃምቡርግ ንተኸላኻሊ ኣርሰናል ጁሩ ናብ ውድድር ቡንደስ ሊጋ ክትመልሶ ከምእትደሊ ኣፍሊጣ። ንኻልኣይ ዓሙቱ ኣብ ክለብ ሃኖቨር ብመልክዕ ልቓሕ ዝጻወት ዘሎ ጁሩ፡ ቢታ ክለብ እውን ይድለ ምህላው ይንገር። በዚ ድማ እተን ጀርመናውያን ክለባት ነቲ ተጻዋታይ ንምሓዝ ዘካይዳኦ ዘለዋ ጻዕሪ ማዕከናት ዜና ስሒቡ ኣሎ።

= ሳውዝሃምፕተን ንኣከፋፋሊ ክለብ ካሊያሪ - ራጃ ናይንጎላን 15 ሚልዮን ፓውንድ ወጻኢታት ብምግባር ክተሰጋግሮ ከምእትደሊ ኣፍሊጣ። እንተኾነ እቲ ወዲ 25 ዓመት ተጻዋታይ ናብ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ናይ ምስግጋር ባህጊ ከምዘይብሉ ኣነጺሩ። ብመንጽሩ ክለባት ኢንተርን ናፖሊን ጻውዒት እንተድኣ ኣቕሪበናሉ ብዘይ ውዓል ሕደር ናብኣን ከምዝምርሕ ወሲኹ።

= ሓድሽ ኣሰልጣኒ ክለብ ፒኤስጂ ብላንክ ኣብ ልዕሊ ተኸላኻሊ ቸልሲ ዴቪድ ሉዊስ ዘለዎ ኣድናቖት ምግላጹ፡ ነታ እንግሊዛዊት ክለብ ድቃስ ከምዝኸልኣ ማዕከናት ዜና ስፖርት ገሊጸን። ዝሓለፈ ሰኑይ ንቦታ ካርሎ ኣንቸሎቲ ዝተክአ ብላንክ፡ ሓለፍቲ ክለቡ ንሉዊስ ንምፍራም ጻዕሪ ከካይዱ ይምሕጸን ኣሎ። ኣብ ውድድር ኮንፌደረሽን ተጻሚዱ ዝርከብ ሉዊስ፡ ኣብ ቸልሲ መተካእታ ወዲ 31 ዓመት ኣሌክስ (ተጻዋታይ ቸልሲ ዝነበረ) ኮይኑ ክታሙ ከምዝገበረ ይፍለጥ። ኣብ ውድድር ኮንፌደረሽን፡ ብራዚል ምስ ሜክሲኮ ኣብ ዘካየደቶ ግጥም ናይ ምድኻብ ኣብ ኣፍንጫኡ ማህሰይቲ ዝገጠሞ ሉዊስ፡ ድሕሪ እዚ ውድድር መጥባሕቲ ከምዝካይድ ኣሚቱ።

## ኣስታፕስ ናብ ኣንፊልድ ኣምሪሑ

እንግሊዛዊት ክለብ ሊቨርፑል ንተጻዋታይ ክለብ ሰልታቪጎ ኢጎ ኣስፓስ ትማሊ ምሉእ ብምሉእ ከምዘሰጋገረቶ ኣፍሊጣ። እቲ ወዲ 25 ዓመት ኣጥቃዒ፡ ብቕድሚ ትማሊ ሕክምናዊ መርመራ ከምዘካየደን ንዊሕ ዓመታት ድማ ምስታ ብኣሰልጣኒ በርናንድ ሮጀርስ እትእለ ጋንታ ክጻወት ክታሙ ምንባሩን ሮይተርስ ወሲኹ የረድእ።

ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣስፓስ ኣብ ሴልታ ቪጎ ዝኸኣደ ተራ እኳ እንተተጻወተ፡ ክለቡ ግን ብሓደ ነጥቢ እያ ንስኽላ ናብ ታሕቲ ካብ ምውራድ ድሒና። ንሱ 34 ጸወታታት ኣብ ዘካየደሉ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ስፖርት ናይ ጸወታ ግዜኡ፡ 12 ሸቶታት ኣመዝጊቡ፡ 11 ንሸቶ ዝኾና ወዱኣት ኩዓሳሉ ድማ ቀሪቡ።

እስጳኛዊ ኣስፓስ፡ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ናይ ምስግጋር ተጻወትቲ ወቕቲ ሳልሳይ ተጻዋታይ ናብ ሊቨርፑል ዝተሰጋገረ ኮይኑ ኣሎ። ሊቨርፑል ብናጻ ናይ ምስግጋር መስርሕ ንኮሎ ቱረ (ባሕቲ ሓምለ ክሰጋገር ተወዲኡ እዩ) ከምኡ ድማ ትማሊ ቀዳም ንሉዊስ ኣልቤርቶ ካብ ሰቪያ ኩተሰጋግር ምኽኣላ ይግለጽ።

## ዓለማዊ መዓልቲ ጉያ ኦሊምፒክ ኣብ ጢዮ ተዘኪሩ

ዓለማዊ መዓልቲ ጉያ ኦሊምፒክ ( Olympic Day Run ) 2013 ካብ 22-23 ሰነ ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት ስፖርት ኣብ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ-ባሕሪ ሓውሲ ከተማ ጢዮ ምዝካሩ ህዝባዊ ርክባት ኮሚሽን ስፖርት ገለጹ።

ኣብቲ ሓለፍቲ ምም/ዞባ ደቡባዊ-ቀይሕ ባሕሪ፡ ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሊምፒክ ኤርትራ፡ ኦሊምፒካዊ ኣትለት ዘርእሰናይ ታደሰን ብርክት ዝበሉ ኣፍቀርቲ ስፖርትን ኣብ ዝተረኸብሉ ዝተዘከረ ዕለት ንኹሉ ክፉላት ዕድመ ዝሓቖፈ ሓባራዊ ጉያ ክካየድ እንከሎ ንቲ ዕለት ንምድማቕ ብኮሚሽን ስፖርት'ቲ ዞባ ዝተዳለወ ምሕዝነታዊ ግጥም ኩዕሶ እግሪ፡ ውድድር ኣትሌቲክስ ህጻናት፡ ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ገምገም ባሕሪን ምሕንባስን ምርኢት ተካእቲ ህጻናት ግራሱሩት ከምኡ'ውን ዑደት ባሕሪን ነቲ ኣጋጣሚ ፍሉይ ድምቀት ሂብዎ ነይሩ።

ነቲ ዝኸሪ ዓለማዊ መዓልቲ ኣመልኪቱ ምክትል ፕረዚደንት ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሊምፒክ ኤርትራ ኣቶ መሓሪ መብራህቱ ኣብ ዘስምዖ ቃል ምንቅስቓስ ዓለማዊ ኦሊምፒክ ኣብ ምልላይን ምሕያልን ዝምድናታት ዘለዎ ተራ ልዑል ምዃኑ ብምምልካት ነቲ ስኡሓሳብ ኣብ መንእሰያትን ማሕበረሰብ ስፖርትን ንምስራጽ ብብዓመቱ ኣብ ኩለን ዞባታት ሃገርና ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ብምውዳብ ክስርሓሉ ምጽንሑ ገሊጹ።

ኣብቲ ንተሳተፍቲ'ቲ ጽንብል መሲጡ ዝተኻየደ ውድድር ብኩዕሶ እግሪ ትሕቲ 17 ዓመት ድማ ጋንታ ደንካልያ ናይ ጢዮ ንጋንታ ካሚሊያ ናይ ዓሰብ 1ብ0 ስዒራታ። ኣብ መዛዘሚ ንዝኸሪ'ቲ ዕለት ዝተኻየዱ ውድድራት ኩዕሶ እግሪ፡ ኣትሌቲክስን ምሕንባስን ዕውታት ዝኾኑ ጋንታታትን ህጻናትን ዝተዳለወሎም ናይ ዋንጫን መዳልያን ሽልማት ካብ ኢድ ጸሓፊ ህ.ግ.ደ.ፍ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ-ባሕሪ ኣቶ ዓብዱ ኢድሪስን ካልኦት ዕዱማት ኣጋይሽን ተቐቢሎም።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ዝተሳተፈ ኦሊምፒካዊ ኣትለት ዘርእሰናይ ታደሰ ኣብቲ ህጻናትን መንእሰያትን ሓውሲ ከተማ ጢዮ ዝተሳተፈሉ ቦታ ተረኺቡ ኩተረጋግጾ ብዝኸኣለ ልዑል መንፈስን ወኒን ስፖርት ተደሪኾም ብስፖርት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ብምብጻሕ ስሞምን ስም ሃገሮምን ንምጽዋዕ ክይተሓለሉ ክሰርሑ ብምልባው ንመሐየሊ ዝካየድ ንጥፈታት ስፖርት ንኡሳን ዞባታት'ቲ ዞባ ዝውዕል ናይ 20 ሽሕ ናቕፋ ሓገዝ ኣበርኪቱ።

** ** **



ብርሃን ምሕረትኣብ

## ቬኑዝዌላ፡ ብጥጦ ምጥባው ብዛዕባ ዝተርፈሉ ኩነታት ይዝተየሉ

ባይቶ ቬንዙዌላ ንህጻናት ብጥጦ (ችችቶ) ምጥባው ክትርፍ ኣብ ዝኽእል ውሳኔ ንምብጻሕ ዝርርብ ከም ዝጀመረ ተሰሚዑ።

ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰልፊ ኹዚ እማመ ናብ ባይቶ ዘቕረበሉ ምኽንያት ኣብ መንጎ ኣደን ቈልዓን ዘሎ ናይ ምፍልላይ ሰዓታት ንምትራፍ ከም ዝኹኑ ምንጪ ናይቲ ከባቢ የረድእ።

ኣብ መንጎ ኣደን ቈልዓን ክህሉ ዘለዎ ፍቕሪ ብሰንኪ ናይ ንግድ ትካላት ዝሸጥእ ድሉው ጸባ ይሃስስ ኣሎ ዝበለት ሓንቲ ኣባል ባይቶ፡ ድሉው ጸባ ጠራሱ ክተርፍ ከም ዘልዎን ቈልዑ ብጸባ ኣደ ጥራይ ክዕብዩ ከም ዝዋገእን ኣብሪሃ።



# ዜና ብሓጺሩ

ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ናዋዝ ሸሪፍ፡ ወተሃደራዊ መራሒ'ታ ሃገር ነበር ፐርቨዝ ሙሻረፍ ብኽሕደት ሃገር ክኽሰስ ከምዝኽእል ገሊጹ። እቲ ወተሃደራዊ መራሒ ነበር ኣብ 1999 ዘቐደ ዕልዋ ከምኡ'ውን ኣብ 2007 ዘውጸኦ ኣዋጅ ህጹጽ ድንጋገ ምስ ክሕደት ሃገር ዝመጣጠን ገበን ከምዝኾነ'ዩ ቀዳማይ ሚኒስተር ፓኪስታን ናዋዝ ሸሪፍ ኣፍሊጡ ዘሎ። እንተኾነ እቲ ኣብ ትሕቲ ማሕዩር ገዛ ዝርከብ ጀነራል ብመገዲ ኣፈኛኡ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ዝዘርጋሕ ዘሎ ክሲታት መሰረት ዘይብሉ ምዃኑ ብምግላጽ ኺጎዎ ኣሎ። ንኣስታት 9 ዓመት ንፓኪስታን ዝመርሐ ጀነራል ፐርቨዝ ሙሻረፍ፡ ዝሓለፈ ሓደት ዓመታት ኣብ ስደት ክነብር ድሕሪ ምጽናሕ'ዩ ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ናብ ሃገሩ ተመሊሱ።

***

ኣብ ሊባኖስ ከተማ ሰዶን ኣድነቦም ዝጸንሑ ዕጡቓት ኣብ ልዕሊ ሰራዊት'ታ ሃገር መጥቃዕቲ ብምኽፋት 16 ወተሃደራት ሊባኖስ ቀቲሎም። መንግስቲ'ታ ሃገር እቲ መጥቃዕቲ ብሰዓብቲ መራሒ ሱኒ ሸኽ ኣሕመድ ኣል ኣሰር ከምዝተፈጸመ'ዩ ዝገለጸ፡ ውግእ ሶርያ ኣብ ዝቕጽለሉ ዘሎ እዋን ኣብ መንጎ ዝተፈላለያ ቀቢላታት ሊባኖስ'ውን ኩናት ሓድሕድ ከይለዓል'ዩ ተሰጊኡ ዘሎ። ማሰኻክር ዓዪኒ ከምዝሕብርዎ፡ ዕጡቓት ተቓወምቲ ኣብ ልዕሊ'ታ ካብ ከተማ በይሩት 40 ኪሎሜተር ንደቡብ ርሒቓ ትርከብ ከተማ ሰዶን ብቐጻሊ ደብዳብ ሮኬታት የካይዱ ኣለው። ኣብ ሶርያ ዝቕጽል ዘሎ ውግእ ናብ ጎረቤታ ሊባኖስ ገጹ ይልሕም ከምዘሎ'ዩ ተንተንቲ ዝገልጹ።


***

ምስጢራት መንግስቲ ኣመሪካ ዝሸሸለ ሰራሕተኛ ማእከላይ ወከልቲ ስለያ ኣመሪካ(CIA) ኤድዋርድ ስኖውደን ካብ ሞስኮ ናብ ሃቫና ኣምሪሑ። እቲ ብመንግስቲ ዋሽንግቶን ዝድለ ወዲ 30 ዓመት ኣመሪካዊ ኣማሲያኡ ኣብ ኤኳዶር ብዕቑባ ክነብር ከምዝኽእል'ዩ ዝግመት። ኤድዋርድ ስኖውደን መንግስቲ ኣመሪካ ብውልቀሰባት ዝግበር ጻውዒት ተሌፎናትን ኢመይልን ብምስጢር ክጸናጸን ምጽንሑ'ዩ ዝገልጸ። ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ጆን ኬሪ ነቲ ኣባል ስለያ ዝነበረ ኣመሪካዊ፡ "ንሃገሩ ዝኸደዐ ሰብ'ዩ" ብምባል፡ ኩለን ሃገራት ኣሕሊፈን ከረክባኦ ጸዊዑ።

***

ዓሰርተታት ኣሽሓት ብራዚላውያን መምህራን ብመንግስቲ ንዝተወስደ ስጉምቲ ምቁራጽ ባጀት ብምቅዋም፡ ሰራሕ ደው ከምዝበሉ ኣፍሊጦም። እቶም ወሰኽ ደሞዝን መሳለጥያታትን ዝጠለቡ ዘለዉ መምህራን መንግስቲ'ታ ሃገር ጠለቦም ከማልእ እንተ ዘይተሰማሚዑ፡ ንጽባሕ ረቡዕ ኣደማ ናይ ምኽያድ መደብ ኣውጺኦም ምህላዎም ምንጭታት'ታ ሃገር ሓቢሮም። ብሰንኪ'ቲ ኣድማ ኣብታ ሃገር ዝርከብ ልዕሊ 3 ሽሕ ኣብያተ ትምህርቲ ክዕጸዋ ከምዝኽእላ'ውን እቶም ምንጭታት ኣፍሊጦም ።

## መንትግ ዓጢቐም መሬቶም ንምክልኻል ዝነቐሉ ነበርቲ ኣማዞን



ሙንዱሩኩሩ ተባሂሎም ዝፍለጡ ኣብ ጫካ ኣማዞን ዝነብሩ ደቀባት ደቡብ ኣመሪካ፡ ብዓበይቲ ትካላት ንግድ እናተጋህሰ ዝኸይድ ዘሎ መሬቶም ክሕሎ ብምሕታት ኣብ ሓደ ናይ መንግስቲ ህንጻ ዓሪዶም ከም ዝቐጸሉ ተፈሊጡ።

እቶም ኣብ ዱር ዝነብሩ ደቀባት መንትግን ፍላጻን ተዓጢቖም ናብቲ ህንጻ ብምእታው መሰላት ደቀባት ዓሌታት ክኽበር እናጸውዑ፡ ንመመንጨዊ ኤሌክትሪክ ተባሂሉ ኣብ ከባቢኦም ዝስራሕ ዘሎ ግዙፍ ሓጽቢ ክቋረጽ ሓቲቶም።

ሓይሊ ኣየር ብራዚል ነቲ ወጥሪ ንምህዳእ ኑቶም ናይ ጫካ ዓሌታት ናብ ርእሲ ከተማ ብራዚልያ ብኣሩራት ብምጕዕዓዝ ምስ ሰብ ስልጣን ከምዝራኸቡ ምግባሩ ተገሊጹ።

መንግስቲ ብራዚልያ... መሓበሮኦም ኣብቲ ጫካ ዝኾነ ደቀባት ደቡብ ኣመሪካውያን ብሰንኪ'ቲ ኣብቲ ከባቢ ምብራስ ጫካ ሂወቶም ኣብ ሓደጋ ይወድቕ ከምዘሎ'የም ዝኸሰሱ።

ኣብቲ ብትሕዝቶ ማዩ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ውሑይዝ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ፈለግ ኣማዞን ዝርከብ ጫካታት፡ ብዓበይቲ ኩባንያታት ምዕቡላት ሃገራት እናተቖርጸ ኣዝዩ በሪሱ ምህላዉ ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ ዝግደሱ ወገናት ይኸሱ።

## ብቕትለት ሓንቲ ስድራ ዝተጠርጠረ መቕርብ

ኣብ ብሪጣንያ ትነብር ስድራቤት ሳዓድ ኣል-ሒሊ ኣብ ብሪጣንያ... ኣብ ፈረንሳ ዝነበሩ ሞዳን... ንሸርሸር'ያ ናብ ፈረንሳ ተበጊሳ። ኣብ ፈረንሳ ምልእቲ ስድራ ብመኪና እናተጓዕዙት እንከላ ግን ኣብ ጸምዋ መገዲ ኣድራጋ ጠያይት ተኻዕዋ።

ሳዓድን ሰበይቱን እትርከቦም ኣርባዕተ ሰባት ብኡ ንብኡ ህይወቶም ክስእኑ እንከለዉ፡ ምስኦቶም ዝነበራ ክልተ ህጻናት ደቂ ግን ብመቑሰልቲ ሓሊፈለን። ድሕሪ'ቲ ኩነታት፡ እተን ቈልዑ ኣብ ሬሳ ወለደን ተጸቒጠን ከምዝጸንሓ ፖሊስ ፈረንሳ ይገልጽ።



ካብ ፈረንሳን ብሪጣንያን ዝተዋጽኡ ኣስታት 100 ኣባላት ፖሊስ ነቲ ጉዳይ ብዝጸረይዎ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ዘቐደ ሰብ ኣባል ናይታ ስድራ ኮይኑ ከምዝይተርፍ'የም ዝሕብሩ። ብመሰረት'ቲ መርመራ፡ በቲ ቕትለት ተጠርጢሩ ዘሎ ሓው ንሳዓድ ኣል-ሒሊ እዩ። ወዲ 54 ዛይድ ኣል-ሒሊ፡ ምስ ሓዉ ብጉዳይ ገንዘብ ዝተበገሰ ቅርሕንቲ ስለዝነበሮ ነቲ መጥቃዕቲ ፈጺምዎ ክኸውን ከምዝኽእል'ዩ ተጠርጢሩ ዘሎ። ብተወሳኺ ብፖሊስ ኣብ ዝተኻየደሉ መርመራ፡ ምስ ሓዉ ዝነበሮ ባእሲ ብምሽፋኑ ግርጭት ከምዝይነበሮ ኣምሲሉ ብምዝራብ ቀንዲ ጥርጡር ይገብሮ። ኣብቲ ቕትለት ዝተፈጸመሉ ቦታ'ውን ተረኺቡ ምንባሩ ሓበሬታ ፖሊስ ይጠቕስ። በቲ ቀሪቡሉ ዘሎ ክሲታት ገበነኛ እንተኾይኑ፡ ኣብ ልዕሊኡ ናይ ሕልፈት ማእሰርቲ ክውሰን ከምዝኽእል'የም ሰብ መዚ ፈረንሳ ዝእምቱ።

ንሱ ግን ካብቲ ቀሪቡሉ ዘሎ ክሲታት ናጻ ምዃኑ'ዩ ዝገልጽ።

### ተገሪምኩምዶ.......

ምስ ዓርኩ፡ መጽሓፍ ኣሕቲሙ ዝሸጠ ወዲ 6 ዓመት ቈልዓ ኣብ ሓጺር ግዜ 200 ሽሕ ዶላር ክእከብ ምኽኣሉ ተፈሊጡ። እቲ የናስ ፑርናዛሪ ዝተባህለ ቈልዓ ብተወርሶ ብዘመጸእን ኩሓዊ ብዘይክእልን ሕማም ተታሒዙ ኣብ ሆስፒታል ይኣቱን ይወጽእን እዩ ዘሎ።

እቶም ክልተ ኣዕሩኽ ሓደ ሚልዮን ዶላር ንምርካብ ዕላማ ብምግባር መጽሓፍ ከሕትሙ ወሲኖም። "ቾክሌት" ዝብል ኣርእስቲ ዝሓዘዋ መጽሓፍ ከኣ ኣዳልዮም።

እቶም ቈልዑ እታ ኣርእስቲ ዝመረጹላ ምኽንያት፡ ንሓደ ዘገርም ጽቡቕ ነገር ክጥቀሙላ ብምጽንሖም እዩ። እቲ ዲላን ሲጌል ዝተባህለ ዓርኩ ነታ መጽሓፍ ስእሊ ክስእለላ ክልተ ሰዓት ወሲዱሉ።

ኣሕታሚ ረኺቦም ናይ መጀመርታ 200 መጻሕፍቲ ምስ ተሓትማ ኣብ ሓደ ናይ ቤት ትምህርቲ በዓል ሰለ ዝተሸጣ ሽዱሽተ ሽሕ ዶላር ረኺቦም። ካልኣይ ግዜ ምስ ተሓትመት ግና ብመርበብ ሓበሬታ ሰለ ዘቃልሕዋ ናይ 200 ሽሕ ዶላር መጻሕፍቲ ክሸጡ ክኢሎም።

የናስ ሳሕቲ ብዘረአ ናይ ጸላም ከበዲ ሕማም ዝሳቐ ኩይኑ፡ ኣብታ 300 ሚእቲ ሚልዮን ህዝቢ ዝነብሩላ ኣመሪካ ከምቲ ናይ የናስ ዓይነት ሕማም ዘለዎም 100 ሰባት ጥራይ ከም ዘለዉ እቲ ምንጪ ይሕብር።

በዓል ተራ ቤት መድሃኒት፦ ፋርማሲ ናጽነት | ዕለት 25/06/2013 | ኣድራሻ ጐደና 176-3 ቁ.8 ፡ ከጢ. ሚኒስትሪ ትምህርቲ | ቍ.ስልኪ 122035
ፋርማሲ ቍ.1 ብዘይካቲ መዓልታዊ እትህቦ ኣገልግሎት ምሉእ ለይቲውን ክፍትቲ ኢያ። ኣድራሻ፡ ዞባ 1 ንኡስ ዞባ 02 ጐ. ናቕፋ ቍ.1 127565